# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.149 | ረቡዕ 21 ለካቲት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 3
ቅልውላው 'ሳሕል ኣፍሪቃ' ኣብ ካልእ ኣንፈት



ገጽ 4
እታ በኻይት ጓል




ገጽ 5
ሕጊ ልቦና



ገጽ 6
ኣሰራርሓን ሓለፍነትን ወደብ



ገጽ 11
ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣርባዕተ ሜላያታት ወሲዶም





## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 37 ስሩዕ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ

ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ብንያም በርሀ ዝምራሕ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 14 ክሳብ 18 ለካቲት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተኻየደ መበል 37 ስሩዕ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ።

እቲ - "ምህናጽን ምምዕባልን ንመበል 21 ክፍለ ዘመን ዘገልግል ስርዓተ-ትምህርቲ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ኣኼቡ፡ ኣብ ጸገና ቅርጺ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ትግበራ 'ኣጀንዳ 2063'ን ካልእ ኣገዳሲ ጉዳያት ኣፍሪቃን ድሕሪ ምዝታዩ፡ ንፕረዚደንት ማውሪታንያ ናይ 2024 ኣቦመንበር ሕብረት ኣፍሪቃ ኮይኑ ክገልግል ሓርዩ።

ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ብኣመራጽን ሕብረት ኤውሮጳን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ዘምጽኦወን ደቡብ ሱዳንን ዝተሰገደ ዘይሕጋውን በይናውን እገዳ ደገሙ ብምሕዳግ ብቐጸበት ክለዓል ጸዊዑ።

ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ናይ'ቲ ኣኼባ ንጡፍ ተሳትፎ ብምግባር፡ ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ኣጀንዳ ልምዓት፡ ንትምህርቲ ካብ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ከም እትሰርዖ፡ ዜጋታት ብመንገዲ ዓይነታዊ ትምህርትን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ዝድለ ቁጠባዊ ለውጢ ከምጽኡ ከምዝኽእሉ እምነታ ምዃኑ፡ ክንዲ ዝኾነ - ካብ መባእታ ክሳብ ዩኒቨርሲቲ ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንኹሉ ከምእትህብን፡ ኣብ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ ከምዝወሃብን ገሊጹ።



ኣፍሪቃ፡ ምስ'ቲ ዝቕልቀል ዘሎ ብዙሓ-ቁጥባዊ ስርዓት ዓለም፡ ኣብ ዓለማዊ ስርርዕ ግቡእ ቦታኣ ክትሕዝ ምእንቲ - ጻዕሪ ክትገብር ከምዘድሊ ድማ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ - ኣብ'ቶም ዘውጥኖም መደባት ብርእሱ ምውላ ክትግበሩ ኣብ ዘኽእሉ ስትራተጂያዊ ቀዳምነታት ከተኩር፡ ከም ኡ'ውን መሓዚ ኣገባብት ዘቤታዊ ምኽታት ጸጋታት ክህሉ ኣዘኻኺሩ።

## ማእከል - ውድድር ውጽኢት ምህዞን ሰንዓን ተኻዪዱ

ብደረጃ ዞባ ማእከል ዝተወደበ ውድድር ውጽኢት ምህዞን ሰንዓን፡ "መማኸሪት መንእሰያት መሰረት ምዕባለ" ብዝብል ቴማ፡ ብ15ን 16ን ለካቲት ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ መደበር ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ብሃማመተኤ ተወዲቡ ብኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ዝተኸፍተ ውድድር፡ 19 ትሕተ-ዕድመ ዝርከብዎም 50 መንእሰያት ስርሓቶም ከምዘቕረቡ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶን ክፍለ ገሊጹ።

እቲ ብውልቅን ብጕጅለን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ዝቐረበ ስርሓት ምህዞን ሰንዓን፡ ኣብ መዳያት ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪክን ኮምፒዩተርን ዘተኮረ ምንባሩ፡ ቁልዑ ፈጠራዊ ክእለቶም ንክገዝእብርቑ ባይታ ዘጣጥሐ ከምዝነበረን እውን ኣረዲኡ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመድ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ኣቕዲሙ እውን ኣብ ዞባታት ዓንሰባን ደቡብን ዝተኻየደ ውድድር ምህዞን ሰንዓን ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ተመሃሮ ዝተመርጸ ስርሓት - ናብ ተገልጋሊ ህዝቢ ክሳብ ዝበጽሕ ምኽታትልን ደገፍን ከምዝቕበሉ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ እቲ ፍርያት ንምርኢት ዝቐርበሉ ኩነታት ብዕቱብ ክስራሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብመሰረት እቲ ዝወጽአ ቅጥዕታት ንዝተዓወቱን ብሉጽ ስራሕ ዝቐረቡን ሽልማትን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።




## ፎሮ - ብተሳትፎ ህዝቢ ዕዉት መደባት ከምእተተግበረ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ ዕዉት መደባት ልምዓት ከምእተተግበረ፡ ብ13 ለካቲት ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ተገሊጹ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣሕመድ ሳልሕ፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ መደባት ልምዓት ብዘሓፈሻ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከኣ ብፍላይ፡ ልዕሊ 7000 ህዝቢ ዝተሳተፎ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ፡ ልዕሊ 155 ኪሎሜተር ናይ ሓመድ ጸርግያታት ከምእተጸገነ ሓቢሩ።

ውፅኢታት ንምሕያል ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ብምውራድ ዝተገብረ ጻዕሪ ጸቡቕ ውጽኢት ከምእተረኽበ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣሕመድ፡ ንቕሓት ህዝቢ ዘርኢ ገስጋሳት ብዘለዓለ ከምዝሰርሓሉ ኣረዲኡ።

ምስሳን ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ከምዝኾነ ብምሕባር ድማ፡ ኣባላት ግንባር፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ካልኦትን ንሕድራ ሰውኣት ብኹልበት፡ ንዋትን ገንዘብን ንምሕጋዝ ተበግሶታት ከምዝወሰዱን ብዙሓዩለ ክቕጽልዎ ምዃኖምን ገሊጹ።

ኣኼበኛታት፡ ሕጽረት ማይ ሓወሲ ከተማ ፎሮ ዘሎቒ ፍታሕ ክናደየሉ፡ ቀረብ ጸዓት ቁላሕታ ክግበረሉ፡ ልምዓታዊ ንጥፈታት ብዘለዓለ ክድፋኣሉ ተላብዮም።

## ሜጀር ምሕረትኣብ ተስፋዝጊ (ወዲ-ኣስመራ) ተሰዊኡ

ኣብ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ሓላፊ ቴክኒክ ዝበረ ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ምሕረትኣብ ተስፋዝጊ ወልደጋብር (ወዲ-ኣስመራ) ብ19 ለካቲት ኣብ መበል 89 ዓመት ዕድመኡ፡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ምሕረትኣብ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ክፍሊ መጓዓዝያ፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ - ኣብ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሓላፊ ተክኒክ ብምዃኑ ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ስዉእ ሜጀር ምሕረትኣብ ተስፋዝጊ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 9 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 20 ለካቲት ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን፡ ብሞት'ቲ ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ምሕረትኣብ ተስፋዝጊ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ዜና

## ማእከል - ብሓምላይ ወፍሪ ካብ ዝተተኽለ ፈልሲታት ኣግራብ 86 ሚእታዊት ጸደቑ



ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብሓምላይ ወፍሪ ልምዓት ካብ ዝተተኽለ ፈልሲታት ኣግራብ - እቲ 86 ሚእታዊት ከምዝጸደቑ፡ ሓላፊ ጨንፈር በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ኣብርሃም ተኸሉ ሓቢሩ።

ኣብ 2023 ኣስታት 1 ሚልዮን ፈልሲታት ንምትካል ዝለበ ውጥን፡ ብ10 ሚእታዊት ክብ ኢሉ - 1.2 ሚልዮን ፈልሲታት ገረብ ከምእተተኽለ ኣቶ ኣብርሃም ገሊጹ።

ኣብ 520 ሄክታር፡ ኣስታት 2 ሽሕ ኪሎሜትር ቅናታዊ ዛላ ከምእተሰርሐን ከምእተጸገነ፡ እዚ ምስ ናይ 2022 ክነጻጸር እንከሎ፡ እቲ ብዓድታት ክዕየድ ዝወጽአ መደብ - ከም’ቲ ዝድለ ከምዝዩነበረ፡ ብትካላት፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ተመሃሮን ካልኦት ኣካላትን ዝተተግበረ ግን ኣዕጋቢ ምንባሩ ኣረዲኡ።

መደብ ሓምላይ ወፍሪ ኣብ 2021 ክብገስ እንከሎ 30 ዝለበረ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ትካላት መንግስቲ፡ ሃገራውያን ኩባንያታትን ማሕበራትን፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ናብ ልዕሊ 40 ክብ ምባሉ ዝሓበረ ኣቶ ኣብርሃም፡ ዝተተኽለ ፈልሲታት ጸዲቑ ኣብ’ቲ ዝድለ ደረጃ ንኽበጽሕ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ’ቲ ኣስታት 350 ሄክታር ዝሸፍን ናይ ልምዓት ቦታ 10 ሓለዋ ከምዝመደበ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ማእከል ሎሚ ዓመት፡ ኣብ 9 መደበራት ፈልሲ ኣስታት 4 ሚልዮን ፈልሲ ኣግራብ ንምድላው መደብ ከምዝሎ ተፈሊጡ።

## እምኒ-ሓይሊ - ውጽኢት ተመሃሮ ምምሕያሽ ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ብውህደት መምህራን፡ መሓውራት ምምሕዳርን ሕብረተሰብን ዝተሰላሰለ መደባት ውጽኢት ከምዘለዎ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መራሕ ከሮስ ገሊጹ።

ኣብ ናይ ፍርቂ ዓመት ገምጋም ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ መምህር መራሕ፡ መጠን ምሕላፍ ተመሃሮ ኣብ መባእታ 95 ሚእታዊት፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ 77 ሚእታዊት፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ 69 ሚእታዊት ከምዝነበረ ብምምልካት፡ እዚ ውጽኢት’ዚ ዘዘዚ ክኸውን ስለዘይግባእ፡ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ዓመት ንዝበረኸ ውጽኢት ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ እውን፡ መንግስቲ ብቐዓትን ዝርጋሐን ትምህርቲ ንምውሓስ ብዕቱብ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን፡ ኩሉ ዝምልከቶ - ብኹሉ መዳዩ ብቑዕ ተመሃራይ ንምፍራይ ብዝግዳሰሉ ክሰርሕ ኣተሓሳሰበ።

ግዝያዊት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ብወገና፡ ኑቲ ተመዝገቡ ዘሎ ውጽኢት ድሕሪ ምምዃኑ ዝያዳ ንምሕያሉ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ እጃሙ ከምዘበርክት ኣረጋጊጻ።

ተሳተፍቲ፡ ጸበባ መማሃሪ ክፍልታትን ሕጽረት ሰደቓታትን ከምኡ’ውን ዋሕዲ መማህራን ፍታሕ ክርከበሉ፣ ቁጽሪ ዘይብለን ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ክስራሓለን ተላቢዮም።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ጉባኤ ኣቃኒዑ

ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ “ብዘትካእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ነድሕን” ብዝብል ቴማ፡ ብ13 ለካቲት ኣብ ከተማ ዓሰብ 3ይ ጉባኤ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ዐስማን ዓብደልቓድር፡ ኣብ ምልጋስ ደም ዘጋንሐ ድኑት ኣፍልጦ ንምብራኽ፡ ሰፊሕቲ ገጠራትን ኣስተምህሮኣዊ መደባትን ከምእተሰላሰለን ውጽኢቱ ዘተባብዕ ምኻኑን ገሊጹ።

ማሕበር ቀድሚ ምምስራቱ ብወለንታውያን ዝልገስ ዝነበረ ደም - 24 ሚእታዊት ጥራይ ብምንባሩ፡ እቲ 76 ሚእታዊት ብስድራ-ቤታዊ ልግሲ ይሽፈን ከምዝነበረ፡ ኣብ’ዚ ግዜ እዚ ግን - 100 ሚእታዊት ጠለብ ሆስፒታል ብወለንታዊ ልግሲ ይማላእ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ኣቶ የማን ጂጋይ፡ ምልጋስ ደም ዝሀቦ ጥዕናዊ ረብሓ ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ ህይወት ብምድሓን ዝርከብ ሕልናዊ ዕግበት’ውን ቀሊል ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ብኹሉ መዳዩ ንኽሕይል ዘድሊ ምድግጋፍ ከምዝገብረሉ ኣረጋጊጹ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኑቲ ማሕበር ንኽልተ ዓመት እትመርሕ 17 ዝኣባላታ ኣካያዲት ኣካል ተመሪጹ።

## ኣፍዓበት - ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ተሸሊሞም



ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ሸሊሙ።

ብ18 ለካቲት ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ልዕሊ 80 ሚእታዊት ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ንሽልማት ከምዝበቕዑ፡ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

ተሸለምቲ፡ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዝሕግዞም መጽሓፍቲ እዮም፡ ካብ ኢድ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብ ተቐቢሎም።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ብሃማመተኤ ዝተወደበ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ዝቐሰሙ ልዕሊ 200 ተመሃሮ ተመሪቖም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት እውን፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ንዝዝዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቤተልሄም ታደሰ

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቁ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቁስ 125013 - ቁሳጱ 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ቅልውላው 'ሳሕል ኣፍሪቃ' ኣብ ካልእ ኣንፈት

ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሰለስተ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ - ማሊ፣ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን ካብ ቁጠባዊ ማሕበር ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ 'ኤ.ኮ.ዋ.ስ' ኣባልነተን ከም ዝሰረዛ ኣፍሊጠን።

ኣብ 60ታት ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ናጻ ካብ ዝወጽኣ ንደሓር፣ ብቑጠባዊ ድኽነት ብማሕበራዊ ምዕባለታት - ክልተ እግረን ረጊጸን ክቖማ ዘይከኣላ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብወተሃደራዊ ዕልዋታት ሓደስቲ መንግስታት ክምስርታ ጸኒሐን እየን። እዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ሰለስተ ሃገራት እውን ምስ ኤውሮጳውያን ሃገራት ጥቡቕ ምትእስሳር ዝነበሮም መንግስታት ኣልጊሰን - ወተሃደራዊ መንግስቲ ከም ዝተኸለ ይፍለጥ።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ 15 ኣባል ሃገራት ሓቚፉ ዝጸንሐ 'ኤኮዋስ' ድማ ነቲ ናይ ወተሃደራዊ ዕልዋ ባህሊ ንምድኻም፡ ኣብ ልዕሊ እዘን ሰለስተ ሃገራት ቁጠባዊ እገዳ ኣንቢሩ ኣሎ። ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ኣካይዱ ነየም ዝተኣልዩ መራሕቲ ንምምላስ እውን ምድላዋት ከምዝገበረ ሓቢሩ ነይሩ። የግዳስ ንኣተን እተን ሰለስተ ሃገራት እውን - ነቲ ብኤኮዋስ ክፍኖ ዝኽእል ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ብሓባር ክምክታኦ ምድላዋት ምስ ጀመራ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ክስዕብ ዝኽእል መዛዘ ሰብኣዊ ቅልውላው ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣኮዋስ ካብ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ከም እተቐጠበ ኣፍሊጡ።



ነተን ሰለስተ ሃገራት ዝመርሑ ወተሃደራውያን መኩንናት፡ ነቲ ብጕረባብቲ ሃገራት ዝወርዶም ጸቕጢ ንምምካትን ሓደሽ ምምዕርራይ ንምታእትታውን፡ ሃገራቶም ካብ ኣባልነት ኤኮዋስ ሰሪዞም ብ'ኮንፌደረሽን' ክተኣሳሰሩ ተሰማሚዖም ኣለው።

ኣቐድም ኣቢሎም ኣብ ወርሒ መስከረም፡ 'ምሕዝነት ሃገራት ሳሕል' ዝተባህለ ማሕበር ምትሕግጋዝ መስርዖም ከምዝለዉ ኣፍሊጦም ነይሮም። እዚ ምሕዝነት እዚ፣ ንሰለስቲአን ሃገራት ኣዝዩ እናኣቀራረበን ከምዝሰይድን ካብ ኣኮዋስ ክንጸለን ከም ዝኽእልን ብዙሕ ግምት ኣይተዋህቦን። ካብ ኣኮዋስ ጠቕሊለን ክወጽኣ ዝኽእለን ኣፍ-ደገ ይኸፍታ ከም ዝነበረ፡ እቲ ማሕበር ከቶ ክዕዞ ኣይከኣለን። ኣኮዋስ፡ ኤሌክትሪክ ምቍራጽ፡ ናይ ጉዕዞ ክልከላ ምግባር. . . ዝኣመሰለ ጸቕጥታቱ ቀጺሉ።

ኣብ ከም'ዚ እዋን፡ ኣኮዋስ በበይኑ ዓይነት እገዳታት ብምምሕልላፉ፡ ነተን ሰለስተ ሃገራት ባዕሉ ከም ዝጸለን ገይርካ ክዝረብ ከምዝከኣል እዩም ተንተንቲ ርእይቶኦም ዝህቡ። ንሳተን ባዕለን ካብ'ቲ ማሕበር ከም ዝወጽኣ ምስ ሓበራ ግና - ኣኮዋስ ከም ብሓድሽ ደጊውዕን ከምዝሎ ይግለጽ ኣሎ። እተን ሃገራት፡ ኣኮዋስ ናይ ካልኦት ሃገራት ወጻኢ መሳርሒ ከም ዝኾነ፡ ብናይ ወጻኢ ሃገራት ደፋኢት ተደሪኹ ኣብ ልዕሊአን እገዳ የሕልፍ ከምዘሎ፡ ኣንጻር ጂሃዳዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዝካየዶ ቃልሲ - ካብ ኣኮዋስ ክወሃበን ዝጸንሐ ሓገዝ ውሑድ ምዃኑ. . . ዝኣመሰለ መረረታት ከስምዓ ጸኒሐን እየን።

ሰለስቲአን ሃገራት፡ ካብ ኣኮዋስ ክለቕቃ/ ክፍለያ 'ልኡላዊ መሰለን' ምዃኑ ብምምልካት፡ እቲ ናይ ኮንፌደረሽን ጉዳይ ብዘይ ውዓል ሕደር ኣብ ተግባር ከምዝውዕል ኣፍሊጠን ኣለዋ። ሰለስቲአን ብቑጠባዊ ጸቕጢ ኣኮዋስ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምስ ኣመራጻ ይቕጸል ካብ ዝበረ ናጻ ዕዳጋ 'ኣትዋ' እውን ተሰጕጕን እየን። ኣብ'ቲ ዝርከብኦ ዞባን ብደረጃ ዓለም-ለኸ ንዝወረደን ጸቕጢን ንምምካት እዋኑ፡ ብናይ ሓባር ፖለቲካውን ቁጠባውን ስትራተጂ ክካየደን ዝኽእል ስርዓት ኮንፌደረሽን ከተኣታትዋ ምዃነን ገሊጸን ኣለዋ። እቲ ስርዓት ኮንፌደረሽን ግዝያዊ መሰጋገሪ ከም ዝኾነ፡ ናብ 'ፌደረሽን' ዝሰጋገራሉ ናይ መጀመርታ መድረኽ ምዃኑን እተን ሃገራት የገንዝባ።

ወሃቢቲ ርእይቶ ከም ዝገልጽዎ፡ ኣኮዋስ ዝፈጠሮ ጸቕጢ - ናብ'ቲ ናይ ሓባር ፍታሕ ኢለን ዝሓሰብኦ ርሑቕ መንገዲ ክወስደን ይኽእል እዩ። ናይ ሰለስተ ሃገራት ካብ'ቲ ማሕበር ምውጻእ ማለት - እቲ ማሕበር እናተሸራረፈ ክደክም ከም ዝኽእል ዘመላኽት ትንቢያ ምዃኑ እውን ይገልጹ። ካብ ናይ ደገ ሃገራት ወይ ማሕበራት ፋይናንስ ክወሃብ ዝኽእል ልቓሕ ወይ ደገፋት ናይ ምርካብ ተስፉ ኣብ ዝተሳእነሉ፡ እቲ ክሕግዘ ዓቕሚ ዝነበሮ ኣኮዋስ ናብ ተጻባኢ ኣብ ዝተቐየረሉ ኩነታት፡ እተን ሃገራት ብሓባር ናብ ዝምክታሉ ናብ ናይ ሓባር መድረኽ ክጠራነፋ እምበኣር ከገርም ኣይክእልን።

ካብ መግዛእቲ ፈረንሳ ስማዊ 'ናጽነት' ዝተቐበላ እዘን ሰለስተ ሃገራት፡ ንኣስታት 60 ዓመት ምስ ፈረንሳ ዝተኣሳሰረ ፋይናንሳዊ ምሕደራን ቁጠባን ከም ዝነበረን ይዝከር። 60 ዓመታት ድሕሪ ናጽነት እቲ ከባቢ - ብድኽነት፡ ድሕረት፡ ጭንቂ ማሕበራዊ ናብራን ሰደትን እዩ ዝፍለጥ። ፈረንሳ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርጋሕ ዝፈጥር ዘሎ ሃይማኖታዊ ምንቅስቓሳት ጂሃድ ንምክልኻል፡ ሰራዊት ኣእትያ እኳ እንተነበረት፡ ንጂሃዳዊ ምንቅስቓስ ከቕህም ዘኽእል ወተሃደራዊ ስትራተጂ ስለዘይኣርኣየት፡ ካብ'ተን ሃገራት ወተሃደራታ ክተውጽእ ተሃገርዋ - ኣውጺኣቶም ድማ።

ፈረንሳ ካብ'ቲ ከባቢ ብምውጻኣ ተኸፊቱ ዝተርፍ ሃጓፍ ኣሎ ኢሉ ክሓስብ ዝኽእል ወገን መቸም እቲ ዝውሒደ እዩ። ከባቢ ሳሕል ኣፍሪቃ ብማዕድናት ኣዝዩ ሃብታም ብምዃኑ፡ ምዕራባውያን ብምህዳኖም ዝፍጠር ከፋት እንድሕር ሃልዩ - ማዕድናትን ጥረ-ነገራትን ኣፍሪቃ ዘብህጎም ሓያሎ ተቓጸጽቲ እዮም ዘለው።

## ተመኩሮ ኮንፌደረሽን ኣብ ሃገራት 'ኤ.ኮ.ዋ.ስ'



ናይ ሰለስቲአን ሃገራት ብኮንፌደረሽን ምጥርናፍ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ኣብ ዘቤታዊ ጸገማታ ኣድህቦ ክትገብር ዘኽእለን እዩ። ንኣህጉራዊ ዲፕሎማስያዊ ስርዓታት፡ ብሓባር ክረብሓሉ ዝኽእለን መድረኽ እውን የማዕብሎ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ዘሎ ጂሃዳዊ ምንቅስቓስ፡ ብናይ ወሽጢ ሃገር ዓቕሚ ክድምሰስ ዘኽእለን ናይ ሓባር ስትራተጂ ከውጽኣ ይኽእላ።

ብዘይ ዕጥቃዊ ግጭት ፖለቲካዊ ፍታሕ ዘድልዮ ቅርሕንቲ፡ ብሓቢተቐበል ኩሉ ዝዕወተሉ ፖለቲካዊ ፍታሕ ምንዳይ የኽእለን። ክጕሕጕሕ ዝጸንሐ - ከም ፍራንጻም ዝኣመሰለ ክቡር ጸጋታት ሃገር ኣብ ጥቕሚ ሃገር ከውዕላ የኽእለን። ናይ ሓባር ማእከላይ ባንክ ብምምስራት፡ ምስ ዕዳጋ ሃገራት ወጻኢ ተሳንዩ ዝኸይድ ናይ ሓባር ፋይናንሳዊ ሕጊ ከውጽኣ ይኽእላ።

ኣብ'ቲ ምስ ኤ.ኮ.ዋ.ስ ኣባላት ኲይነን ዝጸንሓሉ ነዊሕ እዋን፡ ኣብ ምስረታ ኮንፌደረሽን ክጠቅም ዝኽእል ተሞኩሮታት ቀሲመን እየን። ካብ'ቲ ገጢምወን ዘሎ ተጻጺሉ ንምንጋፍ፡ ናይ ሓባር ጸገማት ብሓባር ንምምካትን ዘኽእለን ዕድላት ኣለወን።

ኮንፌደረሽን በቲ ግቡእ ትርጉሙ እንተደኣ ተተግቢሩ፡ ዓብላሊ ሃገር ወይ መንግስቲ ዘይብሉ - ኩለን ኣባላት ብማዕረ ስልጣን ዝጕዓዙሉ፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ልኡላውነት፡ ዶብን ጥንዲራን ዝኽበረሉ ስርዓት እዩ። ናብ ፌደራላዊ ስርዓት ከም ዝሰግሩ ኣብ ዝሁብዎ ርእይቶታት ግን፡ ብዙሕ ጥንቃቐታት ክግበር ዘድልዮ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ጌና ርሑቕ ዝጠመተ ትምኒት ስለዝኾነ፡ ብተሞኩሮ ካልኦት ሃገራት - እቲ ክስዕቦ ዝኽእል መዛዘ ክስተብህሉ ይኽእሉ ይኾኑ፡ ኣመጻጽኣን ታሪኽን ናይ'ቲ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ዝበረዕ ዘሎ ሃልሃልታ ውግእ፡ ምጥማት ይከኣል።



እተን ሃገራት ካብ ኣኮዋስ ከም ዝፍለያ ምስ ተሰምዐ ኣብ'ቲ ማሕበር ሰንባዲ ከም ዝፈጠረ ተረጋጊጹ እዩ። ከምኡ'ውን ጸውዒት ክቕርብ ምጀንሑ እውን ይፍለጥ። ከምኡ እንድሕር ኮይኑ እቲ ማሕበር ጸዊዖወን ዘሎ እገዳታት ብቑጽምነት ክልዕሎ ከም ዝሎ ወሃብቲ ርእይቶ ይገልጹ። እተን ሃገራት ናብ ሲቪላዊ መንግስቲ ክምለሳ ዝቐርብ ጸውዒት እውን ብዙሕ እምብር ብደፍኣትን ታህዲድን ክኸውን ኣይክእልን። ኣኮዋስ ናብ ዙሉ ክቕርብ እንድሕር ኩይኑ፡ ነተን ወተሃደራዊ መንግስታት - ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ግዜ ቅልውላው ዝፍጠር መሰጋገሪ መንግስቲ ገይሩ ክቐጽረን ነይርዎ። ኣፍ-ደገ ዘተ ኸኣ ክፉት ኩይኑ ምቕጻሉ።

ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ክሳብ ኣርባዕተ ዝኾውን ወተሃደራዊ ዕልዋ ዝተኻየደ ኩይኑ፡ ዝበን ሰለስተ ሃገራት ብዘይዳ ዘራኽበን ተመሳሳሊ ጸገማት ኣለወን። ንጉጅለታት ዕጥቃዊ ምንቅስቓሳት ዕድላትን ኣጋጣሚታትን ዝፈጠረ - ሓደ ዓይነት ጥጡሕ ሃዋህው፡ ንሓያሎ ዓመታት ዝኣሰረን ሃገራት እየን። ዘይቀጥታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኸኣ ኩሉ ሰብኣዊ ክብሪ ህዝቡታተን ደቒሱ ኣደዳ ስደትን ፍልሰት ህዝበን ኮይኑ ዝጸንሓ እየን። እየም ዕጡቓት፡ ካብ ሃይማኖታዊ ዕላማ ወጺኦም ዕደና ወርቅን ካልእ ማዕድናትን ዝርከቦ ቦታታት ብዕጥቃዊ ሓይሎም ዝግሕደሩ እየም።

ኣኮዋስ ብማስረት ስምምዕ ሌጎስ ኣብ 1975 እዩ ተመስሪቱ። ቀንዲ ዕላማኡ ኸኣ ኣብ'ቲ ዞባ ቁጠባዊ ሓድነት ንምምስራት እዩ ነይሩ። እንተኾነ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ዘቋርጽ ሓድሕዳዊ ውግእ ኣባል ሃገራት - እቲ ዕላማ ሽቶኡ ከይሃርም ዕንቅፋት ኩይንዎ ጸኒሑ። ብዘይ ሰላምን ፖለቲካዊ ምርግጋእን ቁጠባዊ ሓድነት ክሰምር ስለዘይክእል፡ ድሕሪ 18 ዓመት ቅዋሙ ክማሓየሽ ተገዲዱ። ሰላም፡ ውሕስነት ጸጥታን ምርግጋእን ናይ'ቲ ዞባ ከረጋግጽ ዝኽእል ስልጣን ክህልዎ ድማ ብኣባላት ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት፡ ኣባል ሃገራት "ጽቡቕ ምሕደራ' ክህልወን ዘገድድ ስልጣን ክህልዎ እውን ብኣባላት ተማዚዙ።

ስልጣን ኣኮዋስ ቡዘቕ-ሩብ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናሰፍሐ ብምኻዱ፡ ሓይልታት ሰራዊት፡ ፖሊስን ናይ ጸጥታ ትካላትን - ኣብ ትሕቲ ሲቪላዊ መንግስቲ ክመሓደሩ ዘገድድ ስልጣን ተዋሂብዎ።

ኣኮዋስ ቅድሚ ሐጂ ሓያሎ ናይ ዘይምርግጋእ ጠንቅታት ብጥንቃቐ ከምዝኣለየ ይግለጽ እዩ። ኣብ 2012፡ ፕረዚደንት ኣማዱ ቱማኒ ቱረ ብወተሃደራዊ ዕልዋ ምስ ተኣልየ፡ ምስ'ቶም ወተሃደራት ተዛቲዩ ናብ መንበር ስልጣኑ ከም ዝምለሶ ጸቢጸቡ ይዝከሩ።

ኣብ 2015 እውን ኣብ ቡርኪና ፋሶ ንግዝያዊ ፕረዚደንት ሚሸል ካፎንዶ ምስ ዝዓለዉ ወተሃደራዊ መኩንናት ተዛቲዩ፡ እቲ ፕረዚደንት ናብ መንበሩ ንኽምለስ ምሕጋዙ ይፍለጥ። ናይ ጋምቢያ የሕያ ጃምዕ ብምርጫ ተሳዒሩ እንከሎ መንበር ኣየረክብን ኢሉ ኣብ ዘሸገረሉ ግዜ፡ ኣኮዋስ ከም ገላጋሊ ኩይኑ ነቲ ዕዉት ቦታኡ ከምዝትሓዝ ጸቢጸቡ ይሕበሩ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ደሃይ ኮለኛት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኽ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:30 | ህርመት |
| 15:55 | ፍረ ጻዕሪ |
| 16:15 | ማእገር 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር 2ይ ክፋል |
| 19:35 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም-መስተንክር |

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## እታ በኻይት ጓል

ህንጻ ዳኮታ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ኒውዮርክ ዝርከቡ ዝበለጹን ዝጸበቑን ህንጻታት እዩ። እዚ ህንጻ እዚ፡ ኣብ 1884 ዝተሃንጸ ኮይኑ፡ ኣብ ጎደና 72 ኸሸንኽ ምዕራብ ይርከብ። ዳኮታ ብዙሓት ህቡባት ደረፍትን ተዋሳእትን ዝቕመጥዎ ፍሉይ መልክዕ ዘለዎ ህንጻ እዩ። እንተኾነ ኣብዚ ህንጻ ሓደ ጸለም ታሪኽ ዝገደፈ ዛንታ'ውን ኣሎ - ዛንታ እታ በኻይት ጓል።

እዛ በኻይት ጓል፡ ኣብ ህንጻ ዳኮታ ትነብር ዝነበረት ኮይና፡ ድሕሪ ሞታ 'ጋዜን ጓል' ብዝብል ቅጽል ስማ እያ እትፍለጥ። እዛ መንእሰይ፡ ኣብቲ ህንጻ ንነዊሕ ግዜ ንበይና ትነብር ዝነበረት ኮይና፡ ብጸቕጢ ትሳቐ ነበረት። ሓደ ግዜ፡ ኣዝዩ ሕማቕ ስምዒት ስለ ዝተሰምዓ፡ ነብሳ ከተጥፍእ ፈቲኻ። ካብቲ ትነብረሉ ዝነበረት ሳዕለዋይ ደርቢ ብምጽዳፍ እውን ነብሳ ኣጥፍኣት። እቲ ድሒሩ ብዓል ቤታ ዝኾነ ሰብኣይ፡ በቲ ፍጻመ ኣዝዩ ብምሽንባዱ - ካብቲ ሕማቕ ክስተት ፈጺሙ ክምለስ ከም ዘይክእል ገለጸ።

ድሕሪ ሞታ ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ፡ ስፖንጠር ተርእዮታት ክጋጥም ጀመረ። ነበርቲ እቲ ህንጻ ኩሉ ግዜ ካብ ላዕለዋይ ደርቢ ድምጺ ብኽያት ጓል ኣንስተይቲ ከም ዝሰምዑ ይገልጹ። ገለ ሰባት ድማ፡ ሓንቲ ገጻ ጓሂ ዝወረሮ ጓል-ኣንስተይቲ ከም ዝርእዩ ይገልጹ። ምስ ግዜ፡ ዛንታ እዛ በኻይት ጓል-ኣንስተይቲ ዓብላሊ እናኾነ ክኸይድ ጀመረ። እዚ ዛንታ ድማ፡ ኣብ ኒውዮርክ ህቡብ ዛንታ ኾነ።

ሓደ ኣብ ከም'ዚ ስፖንጠር ተርእዮ ዝጉደስ ዝነበረ መንእሰይ፡ ዚ ንምርግጋጽ ኣብቲ ህንጻ ክሓድር ወሰነ። ንቲ ዘጋጠሞ ኩነታት ድማ ብኸምዚ ይገልጾ፡ "ናብቲ ህንጻ ክኣቱ ኣብ ሊፍት ከለኹ፡ ሓደ ዘይጽቡቕ ነገር ክስምዓኒ ጀመረ። እቲ ህንጻ ብጓሂ ስለ ዝተመልአ፡ ንዓይ'ውን እዚ ስምዒት ክስምዓኒ ጀሚሩ። ግዜ ናብ ለይቲ እናቐረበ ዝተሰምዓኒ ክብደት እናወሰኸ ይኸይድ ነበረ። ሃንደበት ድማ ብርቱዕ ብኽያት ክሰምዕ ጀመርኩ። ኣብቲ መጀመርታ ድምጺ ናይ ሓደ ዝሰኸረ ሰብ እዩ መሲሉኒ። ድምጺ ብኽያት መሊሱ እናበርትዐ ብዝኸደ ግና፡ እቲ ድምጺ ናይ ሓደ ክፉእ ነገር ምዃኑ ተረዲኣኒ።

ቀጺለ - ነታ በኻይት ጓል ረኺበያ። ኣብ ሓደ ኩርናዕ ናይቲ ክፍሊ ኮፍ ኢላ ነበረት፡ ኣብ ገጻ ድማ ሓዘን ይንበብ ነበረ። እታ ጓል ተኸዲናቶ ዝነበረት ክዳን ንምልእ ነብሳ ዝሸፍን ነዊሕ ኮይኑ፡ ኣብ ጸልማት ድማ ዝንጸባረቕ እዩ ዝነበረ።

ብዙሓ እቲ ዝርእዮ ዝነበርኩ ነገራት ኑቶም ምሳይ ዝነበሩ ብጾተይ ነገርየም። የግዳስ ንዓኣቶምስ ዘኾነ ዝረኣየም ነገር ከም ዘየለ ገለጹለይ። ቀጺላ ካብቲ ዝነበረቶ ብምትንሳእ ናብ ማዕጾ ገጻ ኣምርሐት። ኣነ ድማ ዝደለየቶ ነገር ንኽፈልጥ ሰዓብኩዋ። ናብቲ ዝኸደቶ ኣዳራሽ ደድሕራኣ ሰዓብኩ። እቲ ኣዳራሽ ጥርሑ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ሕጂ'ውን ካብቲ ትሕቲ መሬት ናይቲ ኣዳራሽ ድምጺ ብኽያት እሰምዕ ነርኩ። እናፈራሕኩ ናብ ወሸጢ እቲ ኣዳራሽ ብምእታው፡ ናብቲ ኣብ ቅድመይ ዝነበረ መስኮት በጺሕኩ። በቲ መስኮት ድማ ንብርሃን ናይቲ ከተማ ይርእዩ ነርኩ። ኣብቲ ጥርዚ እቲ መስኮት፡ እታ በኻይት ጓል ነበረት። ዝነበራ ቃንዛ ጓሂን ብትትውናን ይርኣየኒ ነይሩ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት፡ ካብዚ ሕጂ ዘሎኹዎ መስኮት ከም ዝጸደፈት እፈልጥ እዩ። ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብኡ ኣላ። ስማ ምስ ጸዋዕኩዋ ግን፡ ብሃንደበት ካብ ቅድሚ ዓይነይ ተሰወረት።

ከም ብሓድሽ እቲ ኣዳራሽ ብስቕታ ተዋሕጠ። ንቐሩብ ግዜ ንበይነይ ኣብኡ ደው ኢለ ብዛዕባ'ቲ ፍጻመ ይሓስብ ነርኩ።" ብምባል ነቲ ሽዑ ዘጋጠሞ ዘፍርሕ ኩነታት ይገልጽ።

ብኽያት ናይ'ዛ ጓል ክሳብ ሕጂ ዝቐጸለ ዘሎ ኮይኑ፡ ንብዙሓት ነበርቲ ህንጻ ዳኮታ ብዓዜ ለይቲ ትረኣየም እያ።

## ህዝቢ ካላሽ

ህዝቢ ካላሽ፡ ኣብ ፓኪስታን ኣብ ግዝኣት ካይበር-ፓኽቱንኽዋ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም። ካብ ሙብዛሕትኡ ህዝቢ ፓኪስታን - ፍልይ ዝበለ ባህርያት ይውንኑ።

ህዝቢ ካላሽ፡ ኣብ ፓኪስታን ኣብ ሰለስተ ኣዝዮም ዝተነጸሉ ቦብታታት - ቡምቡረት፡ ሩምቡርን በሪርን ዝበሃሉ ጎቦታት እዮም ዝነብሩ። እዚ ኣብ ትሕቲ ጎቦ ዝርከብ መሬት ግና፡ ኣዝዩ ፍርያምን ጫካታት ዝመልኦን ቦታ እዩ። ብዚይካ'ዚ በዚ ዝነብሩሉ ዝሓልፍ ዒቢ ሩባ ኣሎ። ስርናይ፡ ዕፉን ወይኒን ቱፋሕን ገለ ካብቲ ኣብዚ ቦታ ዝፈቕሉ ኣዝርእቲ እዮም።

ኣብ መፋርቕ 20 ዘመን፡ ንህዝቢ ካላሽ ብሓይሊ ናብ ሃይማኖት ምስልምና ንምልዋጥ ተፈቲኑ ነይሩ። እንተኾነ እዞም ህዝቢ ሃይማኖቶም ከይቅይሩ ኣርቲዖም ስለ ዝተቓለሱ፡ እቲ ብርቱዕ ጸቕጢ ደው ከም ዝብል ተገይሩ። እቶም ንሃይማኖት ምስልምና ዝተቐበሉ ውሑዳት ከኣ ብደቂ ዓዶም ተነጺሎም።

ህዝቢ ካላሽ መበቆሎም ካብ ወተሃደራት ኣሌክሳንደር ዓቢ ምዃኖም እዮም ዝገልጹ። እንተኾነ ኣሌክሳንደር በዚ ዝነብሩሉ ዘለዉ ቦታ ሓሊፉ ከም ዝነበረ ዝገልጽ ዝኾነ መረጋገጺ የልቦን። ገለ ተመራመርቲ ድማ መበቆሎም ካብ ህዝቢ ጋንዳሪ ምዃኖም ይገልጹ። ብመሰረት ጽውጽዋያት ካላሽ መበቆላውነት እዚ ህዝቢ ምስ ናይ ግሪኽ ይመሳሰል። እቲ መጽናዕቲ ዘርኢ ካላሽ ካብቶም ቅድሚ 24 ሽሕ ዝነበሩ ሳይበርያውያን ሃደንቲ ምዃኖም እዩ። ብመሰረት እቶም ተመራመርቲ ኣብ ከባቢ ሳይበርያ ንነዊሕ ግዜ ድሕሪ ምቕማጦም ቀስ ብቐስ ናብዚ ሕጂ ዘለውዎ ቦታ መጺኦም። እዞም ፍሉይ ቅዲ ህይወት ዘለዎም ካላሽ በቲ ፍሉይነቶም ካብቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ህዝብታት ቅድሚ 11,800 ዓመታት እዮም ተፈልዮም።

ባህሊ ህዝቢ ካላሽ ካብ ባህሊ ናይ ካልእ ሕብረተሰብ ዝተፈልየ እዩ። ኣብ መዓልታዊ መንፈሳዊ ህይወቶም ተፈጥሮ ዓቢ ግደ እዩ ዘለዎ። ከም ኣካል መንፈሳዊ ህይወቶም፡ ኑቶም ኣገደስቲ ዝበልዎም ሰለስተ ሩብታቶም ንምምስጋን ፈስቲቫልን መሰዋእትን ይገብሩ።

ቋንቋ ካላሽ፡ ካላሻ-ሙን ዝበሃል ናይ ኢንዶ-ኣርያን ቋንቋ እዩ። እዚ ቋንቋ ድማ ኮዋር ምስ ዝበሃል ቋንቋ ምምስሳል ኣለዎ።

ኣብ መበል 20 ዘመን፡ ኣብ ዝሓለፈ ውሑድ ዘመናት ቁጽሪ ህዝቢ ካላሽ ካብቲ ዝነበሮ ከም ዘንቆልቆለ ይግለጽ። ናይ'ዚ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኑቶም ሃይማኖቶም ናብ ምስልምና ዝቐየሩ ከባቢ ሰለስተ ሽሕ ዝኾኑ ተቐማጦ - ካብ ማሕለም ስለ ዘርሓቕምም እሞ - ከም ኣባላቶም ስለዘይቁጸርምም እዩ። ዝ. ንምግላጽ ድሙ መራሒ ካላሽ ሳይፋላ ጃን "ዝኾነ ካላሽ ሃይማኖቱ ናብ ምስልምና እንተ ቐይሩ፡ ኣብ መንጎና ኣይክነብርን እዩ። ንመንነትና ብኸምዚ ኢና ኣትሪርና እንሕልዎ" ይብል።

ደቂ-ኣንስትዮ ካላሽ ምሉእ ነብሰን ዝሸፍን ካብ ዛዕሎ ዝተሰርሐ ጸለም ነዊሕ ክዳን ይኽደና። ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ከም ናይ ፓኪስታናውያን ሻልዋር ካሚዝ ዝተባህለ ክዳን ይኽደኑ። ህጻናት ድሕሪ ራብዓይ ዓመት ዕድሚኦም ከም ናይ ኣቦታቶም ኣኩዳድና ይኽደኑ።

ካላሽ ዘይከም ህዝቢ ፓኪስታን ኣብ ዝኾነ ንጥፈታት ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን እናበሉ ኣይፈላለዩን እዮም። ኩሎም ብሓንሳብ ይሰርሑ። እንተኾነ ደቂ-ኣንስትዮ ወርሓዊ ጽግያት ኣብ ዝመጽአን ግዜ ንበይነን ተፈልየን ክቕመጣ ይግደዳ። ብዘይካ'ዚ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝሓርሳሉ ግዜ ክሳብ ባህላዊ ምንጻህ ዝቶየደለን ካብ ስድራቤተን ተፈልየን ይቕንያ። ኣብቲ ዝቶየድ ጽምብል ምንጻህ፡ በዓል ቤታ ንታ ዝሓረሰት ጓል-ኣንስተይቲ ቀንዲ ተሳታፊ እዩ።

ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ንእሽ ዕድሚአን ካብ ደቂ 45 ዓመት ኣትሒዘን ብዛዕባ ኣንስታውነተን ይመሃራ። ኣብ መበል 14 ዓመት ዕድሚአን ድማ ይምርዓዋ። ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ሰብኣይ ክትቅይር እንተ ደልያ፡ ናብቲ ሓድሽ ሰብኣያ ብዛዕባ ናይ ቀደም ሰብኣያ ዝነብረላ ዝበረ ሓለፋታት ዝገልጽ ደብዳበ ትጽሕፈሉ። ዕላማ እዚ ደብዳቤ ሓድሽ ሰብኣያ ዕጽፊ ናይቲ ናይ ቀደም ክነብረላ ከም ዘለዎ ዘተኣኽር እዩ።

ኣብ ግዜ መወዳእታ ፈስቲቫል ካላሽ፡ ምህዳም-መርዓ ክካየድ ንቡር ተርእዮ እዩ። እዚ ማለት ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ካልእ ሰብኣይ ምስ እትደሊ ኣብዛ መዓልቲ ምስቲ ሓድሽ ሰብኣያ ትሃድም። እኳ ደኣ ከም ሓደ ዝዓበየ ባህሊ ወይ ልማድ ናይ'ቲ ሕብረተሰብ እዩ ዝወሰድ። እዚ ግና ኣብ ገለገለ ጭሩሲ ዝፈጥር እዩ ብመንኾኛ ድማ ከም ዝዕረቑ ይገብር። እቲ ሓድሽ ሰብኣይ ንቲ ናይ ቀደም ሰብኣያ ዕጽፊ ዋጋ መርዓት ድሕሪ ምኽፋሉ ነገር ይድቅስ።

ኣብ ግዜ መርዓ ሽውዓተ ወለዶ ናይ'ቶ ዝምርዓዉ ዘለዉ ከዩጻረዩ መርዓ ኣይገብሩን እዮም። ኣብ ግዜ መርዓ ድማ ስጋ ደባልዑን ኣልኮላዊ መስተ ይሰትዩን።

እቶም ሰለስተ ቀንዲ ፈስቲቫላት ካላሽ፡ ኻውሳንጋው ኣብ መፋርቕ ግንቦት ዝጽምበል፡ ኡቻኡ ኣብ ቀውዒ ከምኡ'ውን ካሙስ ኣብ ግዜ ሓጋይ ዝጽምበሉ እዮም። ብዘወሻኺ፡ እቲ ኣገዳሲን ዝዓበየን ራብዓይ ፈስቲቫል ቻውሞስ ዝበሃል ኮይኑ ንኽልተ ሰሙን ይቕጽል። እዚ ፈስቲቫል ብኣሰዩቲ፡ መዚቃን ኣጣል ሓረድካ ብምብላዕን እዩ ዝጽምበል። እዚ ንኽብሪ ንኣምላኾም ባሊይማን ዝግበር ፈስቲቫል እዩ። ኣምላኾም ኣብዚ ግዜ ፈስቲቫል ድማ ክበጽሖም ከምዝመጽእ ይኣምኑ። ኣብዚ ፈስቲቫል ዘይንጹሃት ሰባት ክሳተፉ ኣይፍቀዶምን እዮ። ኣብዚ ፈስቲቫል ኢንድሩኾት ዝበሃል መደብ ይካየድ፡ እዚ ንኽብሪ ኣምላኽ ጥሪት - ኣምላኽ ባሉሜይንስ ዝግበር እዩ። ኣብዚ መደብ እቶም ሰብኡት ኣብ ክልተ ጉጅለ ይምቀሉ፡ እቶም ንጹሃት ብሓደ ወገን እቶም ዘይንጹሃት ድማ ብሓደ ወገን ይኾኑ፡ እቶም ንጹሃን ክብሪ ዘለዎም ናይ ሕልፍ መዛሙር ይዝምሩ፡ እቶም ዘይንጹሃት ድማ ስምዒታውያን ናይ በርኻን ሕንክትን ትሕዝቶ ዘለዎም ደርፍታት ይደርፉ። ብዘይካ'ዚ ኣብዚ ፈስቲቫል ጾታኦም ከምዝቐየር ይገብሩ፡ ማለት ደቂ-ተባዕትዮ ከም ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣኩዳድና ክኽደኑ ከለዉ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ከም ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ይኽደና። ቀጺሎም እቲ ንጹህ ደኾም ይሽውን እሞ እቶም ዘይንጹሃት ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ብምድያብ ይቃለስዎም። ኣብዚ ግዜ ድማ ኣምላኽ ባሉይማን መጺኡ ባርኾም ብቐጸበት ከም ዝሰወር ይኣምኑ። እንተኾነ ኣምላኾም ንሸውዓተ ሰባት ጥራይ እዩ ዝርኣ። ንሳቶም ድማ ናብ ኩሎም እቶም ዘይንጹሃት የሕልፍዎ።

ካላሽ ብኾምብቆ ዝተመርኮሰ መዚቃ ይጻወቱ። ብዘይካ'ዚ ይደርፉ፡ ይስዕስዑን ብኣደም ገይሮም እናኣጣቐዑ ፍሉይ ህርመት ይሰርሑን።

ሃይማኖት ህዝቢ ካላሽ ሕውስዋስ ናይ እንስሳዊ ኣምልኾት፡ ናይ ኣቦሓጎታቶም ኣምልኾትን ጥንታዊ ሂንዱዝምን እዩ። ካላሽ ዝጽልዩሉ ቦታ ማሃንዴያ ተባሂሉ ይጸዋዕ። ፈጣሪኦም ኣምራ ይብሃል። ኣብ በረኽቲ ጎቦታት ካላሽ ከም ዝነብር ድማ ይኣምኑ። ክሩማይ-ክሩማይ ኣምላኽ ጎቦታት ኮይና፡ ብመልክዕ ኣንስተይቲ ጠል ከም ትግለጽን ደቂ-ኣንስትዮ ካላሽ ክሓርሳ ከለዋ ከም እትሕግዘን እዮም ዝኣምኑ።





# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

መበል 15 ክፋል

**“ምምህርና እቲ ዝዓበየ ተግባር ትሰፋውነት እዩ።” – ኮሊን ዊልኮክስ**

**“እቶም ንምምህርና ዝፈትዉ መማህራን፡ ንተማሃሮም ትምህርቲ ከም ዝፈትዉ ይምህርዎም።” - ሄንሪ ሙለር**

ሙብዛሕትኡ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ከም መማህር ኣይጥምታን እዩ። “ኣነ? ተወሳኺትለይ ከመይ ኣብለ መማህር ክኸውን እኽእል?!” እንብል ሰባት ውሑዳት ከም ዘይኮኑ ርዱእ እዩ።

ሙብዛሕትና ንምምህርና ሰፊዕ ስልጠናን መረጋገጺ ሰርቲፊኬትን ግድን ክህልወና ዘለዎ ሞያ ጥራይ ገይርና ኢና እንርድኦ። ክንዮ እዚ ሰጊርና እውን ሓደ ሰብ ንፉዕ መማህር ክኸውን እንተ ኾይኑ ‘ባህርያዊ ትዕድልቲ’ ከም ዘድልዮ ገይርና ንቑጽሮ ኻንውን ኢና።

ኣብ ናብራኻ ልቦና ከተጥሪ እንተ ደአ ኼንካ፡ ምምህርና መሰረታዊ መንገዲ ህይወት ክኸውን የድሊ። ስለምንታይ? እቲ ምንታይሲ ንሓደ ሓሳብ ክትምህረሉ ዘይትእኽል እንተ ደአ ኼንካ፡ ንባዕልኻ እውን ጸቡቕ ገይርካ ኣይትፈልጦን ኢኻ ማለት እኮ እዩ።

ንኣብነት ተማሃራይ ኣብ ዝበርኻሉ፡ ናይ ስነ ቑጽሪ መማህርከም፡ “ዝ ምዕራት (equation) መን ኣሎ ዝፈልጥ?” ኢላ ትሓትተክም። ንስኻ ሓደ ካብቶም ኢደም ዘውጽኡ መማህርትኻ ነይርካ እኸ ንበል። ወያ መማህር ንኽትምልስ ንዓኻ ዕድል ሂባትካ፡ “ሕራይ ንስኻ፡ ሃየ እስከ ግለጸልና።” ኢላትካ ናጥካ እናጠመተት።

መልሲ ንኽትምልስ ኒታ ዊጥ ዘበልካዮ ኢድካ ኣውረድካዮ። “ሕራይ፡ እእእእእ...።” ኢልካ ልኽዕ ዝበልካሉ ኢጋጣሚ ትዝክሮዶ ትኸውን? እወ ኣቐዲምካ ኒታ መልሲ ኣማእዚንካ ትፈልጣ ማሲሉካ ነይሩ። የግዳስ ንደቂ ክፍልኻ ክትምህር ዕድል ምስ ተዋህበ፡ ኒታ መልሲ ከም ዘይትፈልጣ በሪህልካ ማለት እዩ።

ንሓደ ሓሳብ ንኻልኦት ሰባት ክትገልጸሉም ምስ ጀመርካ፡ ቀደም ቀዳደም ንገዛእ ርእስኻ ከተብርሃላ ከም ዘለካ እዩ ዘገድደካ። ንስኻ ንፍሲ ወከፍ ነገር ብዝያዳ ስምቒት – ኑቶም ዝርዝራት፡ ስነ ምጉታዊ ኽርኣ ... ተጸንዖም። ብውልቅኻ ድማ በቲ ሓሳብ ዝያዳ ትሰሓብ። ከምቲ ሲቃውንቲ ዝበልዎ፡ “ኣነ ካብ መማህራነይ ብዙሕ ተማሂረ እዩ። ካብ መማህራነይ ንላዕሊ ካብ መሳርሕተይ እየ ተማሂረ። የግዳስ ኣነ እቲ ዝበዝሐ ዝተማሃርክዎ ካብ ተማሃሮይ እዩ።”

ነቲ ሓሳብ ናብ ካልኦት ክሳብ ዘቐባልካዮ፡ ናትካ ኣይኮነን። ነቲ ሓሳብ ናብ ካልኦት ሰባት እንተ ዘቐባልካዮ፡ ዘይንጸር ስምዒት ኣብ ስነ ኣእምሮኻ ኩይኑ እዩ ዝተርፍ። ነቲ ሓሳብ ናብ ካልኢ ከተሰጋግሮ እንከለኻ ከኣ ክውንነት ይኸውን። ንኻልኦት ሰባት ክትብጽሓሉም እንከለኻ፡ ንገዛእ ርእስኻ ትበጽሓላ።

ምምህርና ዓሚቕ ሞራላዊ ግዴታ እውን እዩ። ስለምንታይ? ሓደ ሰብ መድሃኒት ሕማም መኽሮ ረኺቡ ክንሱ፡ ናብ ካልኦት ሰባት ኣየካፈሎን ኢልካ እስከ ኣብ ኣእምሮኻ ቅረጾ። ነፍሲ ወከፍ ግዳይ እቲ ሓማም ዝኸሳ ሰብ ክሳቐ እንከሎ፡ ዕጣቡ ደረኽብ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ እንታይ ዓይነት ሰብ እዩ ማለት እዩ? ቀታሊ ሰብ!

## ሕጊ ልቦና



ሕጂ ኣብዚ ክትግዝኦ ዘለካ፡ እቲ ዝበኣሰ ሕማም – ካብ ኩሉም ዓይነታት ሕማም እቲ ዝያዳ ኣዕናዊ፡ ኣቐንዛዊ፡ ምሕር ተላባዒ – ድንቁርና እዩ። ድንቁርና ንሰባት ይዘርጎም። ናብ ብኹንን ፍረ ኣልቦን ህይወት ክመርሖም እውን ይኽእል። ድንቁርና ብቓላት ክትገልጾ ዘይትኽእል ስቅያት – ንህጻናት ብዓበእ ዘይምሓዝ፡ ኣብ ሓዳር ዘይምቅዳው ከምኡ እውን፡ ኣብ ስራሕ ምምዛብል ከስዕብ ይኽእል። እዚ ኹሉ ወጽኢት ድንቁርና እዩ።

ብዙሓ ህይወት ገለ ነገር እንተ ፈሊጥካ እሞ ንኻልኦት እንተ ዘካፈልካዮ፡ ንስኻ ኣረሚን ኢኻ። ካብ ወሸጥኻ፡ “ብዙሓ ካልኦት ሰባት ቅጮጮ ኣይብለንን እዩ። ኣነ ንብሕተይ ዝሰበር ተኸሳ እየ፡ ኣነ ከናብ (rogue) ሓርማዝ እየ።” ዝበልካ ድምጺ ትሰምዕ ዲኻ? ኣብ ባዶሽ ምንባር፡ ሰብኣውነት ኣይኮነን። እዚ ተቐልቢሉዶ?

ንኣብነት፡ ንመፍትሒ ሓገብ እንተ ፈሊጥካዮ፡ ንኻልኦት ከኣ ንኽፈልጥዎ ምሂርዎ። ገለ ሰባት ኣብ ቅዛት ተሸሚሞም ኣብ መንገዲ ክጎዝኡ ኣዃፍምኻ ይፈልጡዶ? ፍርቂ ጉድኖም ዝሞቱ ኩይናምዶ ይሰምዑኻ? በዓኻ ገለ ባህታ ክትፈጥረሎም ሓልኻ። እንተ ዘየልቦ ከኣ ሻብ ንፍልጡት ኒቲ ‘ክትገብሮ ትኽእል ዝበርካ’ ክትሰከም ኢኻ።

ኣብ ዓለም ድንቁርና ከተገድል እንከለኻ፡ ዋላ ብንእሽቶ መጠን ይኹን፡ ንደቂ ሰብ ዓቢ ህያብ ከም ዘበርክትካ እዩ ዝቖጸረልካ። ገለ ሕማማት ብዶክተር ጥራይ ዝፍወሱ እዮም። የግዳስ ድንቁርና ብነፍሲ ወከፍ ንልቦና ከም ዕቱብ ዝወሰደ ሰብ ክፍወስ ይኽእል እዩ።

ንጽገም ኣህጉራዊ ድንቁርና ኣብ ምፍታሕ እጃምና ክነበርክት ግቡእ እዩ። እወ ልቦና ንምሃር።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ ገለ እወታዊ ፍልልይ ክምጽእ እንከሎ ይሕጎስ እዩ። መጸናዕቲታት ከም ዘረጋገጽዎ ቴስዓን ትሸዓተን ሚእታዊት ናይ ዓለምና – ጋዜጠኛታት፡ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና፡ ሓካይም፡ ... – ንኻልኦት ሰባት ክሕግዙ (ብውሕዱ ብኸፊል) ይድረኹ። እዚ መሰረታዊ ሰብኣዊ ድፍኢት እዩ። ንዝጠዝሑ ሰባት ብእወታ ብዘለናዮም መጠን ዝሓሸ ስምዒት ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ይሰምዓና።

በይዝቦል (ሻኮ) ብኸመይ ከም ዝጽወት ትፈልጥዶ? ሓደ ሰብ ኒታ መጻወቲት ዱላ (bat) ንምጠሉ ሐዚዞ እንተ ትርእዩ፡ ንስኻ እንታይ ምገበርካ? ኒታ ከዕሶ ክዘርግ ኩብል ስሒትዋ። እንደገና ፈቲኑ ስሒትዋ። ንሳልሳይ ግዜኡ ስሒትዋ። ሽዑ ንስኻ ናብኡ ቀሪብካ፡ “ኣይትሓዘለይ እዚ ሓወይ፡ ክኸቕፈካ ኣለ ዘይኮንኩ፡ ኒታ ሐዚኩያ ዘለኻ ዱላ ካብዚ ሕጂ ሐዚኩያ ዘለኻ እንተ ንምጠልኳያ፡ ጸቡቕ ገይርካ ክትሃርማ ትኽእል ኢኻ እሞ፡ ብኸመይ ከም እትሰርሕ ከምቲ ዝበልኩኻ ገይርካ ክትፍትና ትኽእልዶ?” ኢልካ ኒታ እትፈልጣ ትምህር። እቲ ምንታይሲ፡ ሓደ ሰብ ግዜኡ ንኸሰንቱ ከየኽሰን ክትርእዮ ምሕር እዩ ዘሕምመካ።

ምምህርና ምስ ካልኦት ሰብ ወሸጣዊ ዝምድናና እንሃንጸሉ መንገዲ እዩ። ኣብ ግዜ ህጻንነትካ ብኸመይ ፋም-ፋም ከም እትጻወት ንዝመሃረካ መተዓብይትኻ እስከ ዘክር። ኣብ ግዜ ንእስነትካ ብፋም-ፋም ምዝንጋዕ ከተዘውትር እንከለኻ፡ ክሳብ ክንደይ ኒታ መሳርሒት መዚቃ ዝመሃረካ ሰብ ከም እትፈትዎ ርዱእ ነገር እዩ።

ንገዛእ ርእስኻ ኩቶ ክትደርታ የብልካን። ንዓኻ እወታዊ ጽልዋ ከተሕድር ክእለት ከም ዘለካ ኣይትዘንግዕ። ንሰባት ንኽትሕግዞ ግድን ኣይኩንካን ዶክተር ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ (social worker) ክትከውን ዘለካ። ብሓንቲ ጭሪም ልቦና፡ ሰብኣውነት ክትሕግዞ ትኽእል ኢኻ።

ናብ ድሕሪት ተመሊስካ ብዛዕባ ኣብ ተመክሮ ዕብየትካ ንዓኻ ዝለወጠካ እስከ ሕሰብ። ምናልባት ገለ ነገር ዝያዳ ብሱል ዝገበረካ ክህሉ ይኽእል እዩ። ወይ ንጸገማት ኣብ ምፍታሕ ዝያዳ ከም እትማሓየሽ ዝገበረካ ክኸውን ይኽእል እዩ። ወይ ዝያዳ ዘይጽግዕተኛ ወይ ዝያዳ ትዕግስተኛ ዝገበረካ እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝኸረ ንዓኻ ከም ዘዕበየካ እንተ ተገንዚብካ፡ ንኻልኦት ሰባት እውን ኣካፍሎም።

ሓደ ህጻን ብሕማቕ ሕማም ተታሒዙ ከም ዘሎ ኣብ ኣእምሮኻ ቅረጾ። ነቲ ህጻን ብምዕዶ እትፈልጦ ዝጸናሕካ እንተ ኾይኑ፡ “እንታይ ይበሃል ወደይ! ምስኪናይ ቈልዓ።” ክትብል ትኽእል።

እቲ ህጻን ወዲ ሓውኻ ወይ ወዲ ሓብትኻ እንተ ኾይኑ፡ ብውልቅኻ ገለ ሓላፍነት ንኽትወስድ ሳዕልን ታሕትን ክትብል ትጅምር። ነቲ ህጻን ካብ ሕማሙ ከሎግልዎ ዝኽእሉ ንፉዓት ሓካይም ንምርካብ ክትጻዊ ትርኢ። ብዛዕባ እቲ ሕማም ገለ ሓበሬታ ንምርካብ ክሳብ ኢንተርነት ምፍታሽ እውን ትጅምር።

እቲ ህጻን ወላዲኻ እንተ ኾይኑ እሞ፡ ንወላዲኻ ኣብ ሓጺር ግዜ ከተሕዊ ዘይትፍንቀሎ እምኒ ከቶ ኣይህልወካን እዩ።

ኣብ ሓንቲ ነገር ምውቕ ሓዳር ናይ ዝመሰረቱ ሰባት ዛንታ ክንጸውየኩም። እቲ ሰብኣይ ብዓል ዊጊን እዩ። ብዓልቲ ቤቱ ከኣ ሓኪም እያ። ሓዳሮም ጸቡቕ እናቐጸለ እንከሎ፡ ክልቲኦም ደቆም ብሕማም ጉቸር (Gaucher) ተጠቒዖም። እቲ ሕማም ምሕር ዞማስን ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ግዳይ ንሓዋሩ ከሰንክሎ ወይ ክቐትሎ ይኽእል እዩ።

እሞኸ ደኣ እቶም ሰብ ሓዳር እንታይ ገበሩ? ብሓባር ኩይናም ተቐላጢፎም ነቲ ሕማም ኣብ ምፍዋስ ዝሕግዝ ማሕበር መስረቱ። እታ ሰበይቲ ኣብ ሕክምናዊ ምርምር ክትጽመድ እንከላ፡ ብዓል ቤታ ነቲ ምርምር ዝሕግዝ ገንዘብ ኣብ ምእካብ ተጸሚዱ።

እቲ ምርምር ክዕወት ውሑሰት ዝሁብ ባይታ ኣይነበረን። የግዳስ እቲ ጉዳይ ሕማም ህጻናት ደቆም ስለ ዝኾነ፡ ካብ ምፍታን ወጺኢ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮምን። ብድሕሪ ናይ ሸዱሽተ ዓመት ጻዕርም ተማሲልሎም፡ ነቲ ሕማም ብኣድማዕነት ክፍውስ ዝኽእል ዝተጻመረ ኤንዛይም (synthetic enzyme) ኣማዕበሉ። ከም ወጽኢቱ ክልቲኦም ህጻናት ደቆም ንፈለማ ግዜ ካብቲ ቀዛፊ ሕማም ዝሓወዩ ክኾኑ በቒዖም።

እሞኸ ደኣ ንኽንሕግዝ ብኸመይ ኢና እንድረኽ?

ሓለይቲ ሰባት ክኽውን ይግባእ። እኹል ሓልዮት ክንገብርቅ እንከለና፡ ክሳብ መጠረሽታ ሓይልና ኢና ጻዕሪ እንገብር።

ምምህርና ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ምኻኑ ንኽሉትና ኣይጠፍኣናን እዩ። ንኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ክንምዕድን ክንመኽርን እንከለና፡ ንምህር ኢና ዘለና። ኣብ ሓደ ሰፊሕ ኣዳራሽ ኣስተምህሮ ከቕርብ ዕድል ክረሓወልና እውን ይኽኣል እዩ።

ኣብ ኣዳራሽ ኣስተምህሮ ከተቕርብ እንተ ተዓዲምካ እኹል ምድላዋት ክትገብር ኣለካ። ድቃስ ከይጸገበካ ናብ እቲ ኣዳራሽ እንተ ኼድካ፡ ኣብ መንጎ ከተምጣህቕ ትኽእል ኢኻ። ንስኻ ሓንሳእ ከተምጣህቕ እንተ ጀሚርካ፡ ዝበዝሐ ኣብቲ ኣዳራሽ ዝርከብ ሰማዒ እንተ ኣንባሆም እንተ ተታኸሰን ኣየኽፍኣሉን እዩ።

ክትምህር እንከለኻ ሸንኮል ኣይትበል። እቲ እትምህሮ ምስ ኣርእስትኻ ዝቃዶ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ። ምምሃር ማለት ናብ ሰባት ምብጻሕ እዩ። እቲ እትምህሮ ዘለኻ ሰብ፡ ስምዒትካ ኣጉዳሲ ምኻኑ ከይድንቐ ኣለዎ።

ኣቓልቦ ሰማዕትኻ ንምስሓብ ብዋዛ ወይ ዛንታ ክትጅምሮ ትእክል ኢኻ። ‘መሰልካ እንታይ ኣምጺኣካ?’ ዝዓይነቱ ሕቶ ከይሰዕበካ ግዱ ኣመና ክትጥንቀቕ ስለ ዘለካ፡ ዋዛኻን ዛንታኻን ምስ ኣስተምህሮኻ ዝቃደወ እንተ ኾኑ ተመራጺ እዩ።

ንተማሃሮኻ ንእንታይነት እቲ መልእኽቲ ዝያዳ ምእንቲ ክንጽረሎም፡ ሕቶ ከቕርቡልካ ኣተባብዖም። ሓደ ሰብ ክሓትት እንተ ጀሚሩ፡ ኣብ ኩነት ኣእምሮ ትምህርቲ ከም ዘሎ ንኽትፈልጥ ኣይከብደካን እዩ። ተማሃሮኻ ሰቓ ኢሎም ንኽሰምዑኻ ጥራይ እንተ ኣዘዝዞም፡ ንሳቶም ከኣ ብዛዕባ መዓስ ከም ዝፍደሱ ኣብ ምስልሳል እዮም ዝጽመዱ።

ብዘተኻእለካ መጠን ንኣዊንቲ ተዓዘብትኻ ካብ ምጥማት ኣይተቋርጽ። ንመልእኽትኻ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ይሃብሉ ከም ዘለዉ ከተስተማቕሮ ኣለካ። ኣብ ኣቀራርባኻ ውሓለ እንተ ኼንካ፡ ዝኾኑ ኣርእስቲ ኣልዒልካ ንተዓዘብትኻ ክትምስጦም ትኽእል ኢኻ።

መልእኽትኻ ብሓጺርን ብንጹርን ኣገባብ ክትገልጽ ፈትን። ነቲ ክትብዝሓሉ እትደልዮ መልእኽቲ ብቐለል ቋንቋ ከተመሓላልፎ ተመራጺ እዩ። ንመልእኽትኻ ብሓንቲ ወይ ክልተ ምሉእ ሓሳባት ክትጸምቖ ዘይትኽእል እንተ ኼንካ፡ ንባዕልኻ ብዓበእ ኣይተረዳእካዮን ኣለኻ። ሰማዕትኻ ከም ዝደናገሩ ኸኣ ኣይትጠራጠር።

ንገዛእ ርእስኻ ከም መማህር ትቖጽራ እንተ ኼንካ፡ ሰጦኺ ክትከውን ኣየብልካን። ሰብከት ኣብ ቦታኡን ግዜኡን ጥራይ ኢና ክንጥቀመሉ ዘለና። ሰብከት ክበዝሕ እንከሎ፡ ንተዓዘብትኻ ብዘይሕቶን ርእይቶን መልእኽትኻ ምምሕልላፍ እዩ። ተዓዘብትኻ ክሰምዑኻን ክኣዘዙኻን ጥራይ እዩ ዘለዎም።

ምምህርና ግዳ ካብ ሰብከት እተፈልየ እዩ። ምምህርና ንሓደ ኣምር ንምንጻር ምስ ተማሃሮኻ እትብዝሓሉ ኣገባብ እዩ። ንኻልኦት ሰባት ብናቶም ከርናዕ ንኽርእዩምን ክርድኡምን ምድራኽ እዩ። ተማሃሮ ነቲ ኣቐዲሞም ዝፈልጥዎ ነገር ዝያዳ ከም ዝወሃዱ ምግባር እዩ። ትማሃሮ ባዕሎም ዳግማይ ከም ዝደህስስዎ ዕድል ምፍጣር እዩ።

ኣብ ሞያኡ ልዑል ፍቕሪ ዘለዎ መማህር ንተማሃሮኡ ብቐለሉ ከቓቕሖምን ክብ ከብሎምን ይኽእል እዩ። መማህር ወትሩ ንመልሰ ዕንጋለ ክፉት ክኸውን ይግባእ። “ኣነ ኪጋ እንክለኹ፡ በዓኹም ኣርመኒ።” ዝብል መማህር እዩ ኣድማዒ ዝኸውን።

ተማሃሮኻ ኑቶም መርትዖታት ክመዝኑ እኹል ግዜ ሃቦም። ናይ ገዛእ ርእሶም ውሳኔ ክወስዱ ኣተባብዖም። ኣብ መወዳእታ ሓቂ ከም እትዕወት ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ክህልወካ ኣለዎ።

ነቲ ኣብ ምምሃር እትጥቀመሉ ንዋት ብወሸጡን ብደገኡን ክትፈልጦ ይግባእ። ቅድሚ ኣብ እቲ ሓሳብ ምብህሃልካ፡ ኑቶም ቀንዲ ነጥብታት ገምግሞም። እዚ ዝያዳ ርእሰ ተኣማንነት ከም እተጥሪ እዩ ዝሁበካ። ከም ወጽኢቱ ምምሃር ክትጀምር እንከለኻ ካብ ኣብ ትሕዝቶ ንላዕሊ ኣብ ኣቀራርባ ዝያዳ ንኸተድህብ ይሕግዘካ።

ምምህርና ደቓቕቲ ሓበሬታታት ምምሕልላፍ ጥራይ ኣይኮነን። ምምህርና ብዛዕባ ኣብ ባህሪ ለውጢ ከተምጽእ ምሕላን እዩ። እቲ ንስኻ እተምጽኦ ሓሳብ፡ ተማሃሮኻ ዘድንቕዎ ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንኮላይ ናብ ተግባር ክልውጥዎ ዝኽእሉ ክኸውን ይግባእ። እንተ ዘየልቦ ኣብ ምምህርና ኣይተዓወትካን ማለት እዩ።

ሓሳባት ንሰባት ይጸልውዎም እዮም። ሓሳባት ንመንገዲ ኣተሓሳስባ ሰባት ይልውጥዎ እዮም። ንኣገባብ ኣሰራርሕኦም እውን ከም ዝልወጡ ይገብሩ እዮም።

ጸቡቕ ወጥን ምህሮ ኣማዕብል። ሰባት ናብ ትግባረ ንዘሰጋግሩሉ ደረጃታት ብዘየገድስ ሰርሓሎም።

**“ግዕለም ኣብ ምልዋጥ ክትጥቀመሉ እትኽእል እቲ ዝሓየለ ኣጽዋር፡ ትምህርቲ እዩ።” - ኔልሰን ማንዴላ**

**“እቲ መማህር እምበር፡ እቲ መማሪ ክፍሊ ኣይኮነን ለውጢ ዘምጽእ።” - ሚካኤል ሞርፑርጎ**

ይቕጽል

# ጸጋታት ባሕሪ

## ኣሰራርሓን ሓላፍነትን ወደብ

ኢ/ር መዋእል ደበሳይ

ሃገራት ዓለም ብፍላይ ምስ ባሕሪ ምትእስሳር ዘለወን፡ ወደብ ዝብል ቃል ብተደጋጋሚ ክጥቀማሉ ንሰምዕ ኢና። እንተኾነ መሰረታዊ ኣምር ናይ ወደብ ምስ ባሕሪ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ዝተፈላለዩ ምስ ማይ ምትእስሳር ዘለዎም ከም ውቅያኖሳት፡ ዓበይቲ ሩባታት ከምኡ'ውን ካልኦት ምስ ማይ ምትሕሓዝ ዘለዎም፡ ወደብ ምድኳን ይከኣል'ዩ።

ሓደ ወደብ ንዝተፈላለዩ ክብደት ከመሓድር ዝኽእል ብቑዕ ትሕተ ቕርጺን ፍሉይ ቴክኒካዊ መሳለጥያን ክወድድ ይግባእ። መሰረታዊ ኣገልግሎት ናይ ወደብ ንዝተፈላለያ ንውሓት ዘለወን መራኽብ ከም መዕቆቢን ንዝተፈላለዩ ኣቕሓ መሰጋገሪ መንገድን ምግልጋል እዩ። ብተወሳኺ ኣብ መንነ መሬትን ባሕርን ከም መላግቦ መጐዓዝያ'ውን የገልግል እዩ።

እዚ ሕጂ ምምሕዳር ወደብ ኢልና ንጽውዖ ዘሎና ሓላፍነቱ ናይ ምምሕዳር ወደብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ካልኦት ክዘከሩ ዝግበኦም ሰፋሕቲ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ በዓል መዚ ወደብ ተባሂሉ ክስመ ወይ ናይ ጉዳእ ርእሱ ዝኸኣለ ሚኒስትሪ ክህልዎ ዘውቱር ኣሰራርሓ እዩ። ምምሕዳር ወደብ ብናይ ጉዳእ ርእሱ ሕጊን ምስ ዓለምለኻዊ ውድብ መጐዓዝያ ባሕርን ስምምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝተዛመደ፡ ብሃገራዊ ሕጊ ወደብ ዝምራሕ እዩ። ኣሰራርሓን ሓላፍነትን ወደብ ሰፊሕ ኣምር'ኳ እንተኾነ ንሓፈሻዊ መረዳእታ ብኸፊል ክንርእዮም ኢና።

### ሓላፍነትን መዝነትን ናይ ወደብ፡ ብከፊል ንምጥቃስ፡

ትሕተ ቕርጺ ናይ ወደብን ናይ ወደብ መሳርሒታትን ምቁጽጻር፡ ማይ ባሕሪ ካብ ብከላን ርስሓትን ምቁጽጻር፡ ብውድድር ዝሓሸ ኣገልግሎትን ዋጋን ምቕራብ፡ ሰብኣዊ ስልጠናን ትምህርትን ምሃብ፡ ዝተማልኡ ካልኦት ናይ ወደብን ደሴታትን ሓበሬታ ብዝምልከቱ ምሃብ፡ ንምምሕያሽ ምንቅስቓስ ወደብን ድሕንነት ሰብን ናውትን ሰሙናውን ወርሓውን መደብ ኣኼባታት ምቕራብ፡ ኣብ ክልል ወደባትና ዝርከቡ መዐሸጊ መራኽብ ኩነታቶም ምቁጽጻር፡ ኣብ ኤርትራ ዝተመዝገቡ መራኽብን ጃላቡን ምቁጽጻርን ፍቓድ ምሃብን፡ ናይ መርከብ ወኪልና ፍቓድ ምሃብ፡ ናይ ትራንዚት ኣገልግሎት ፍቓድ ምሃብ፡ ናይ መራኽብ ስንቂ በዝጊን ዘይቲ ወዘተ ምቕባል ፍቓድ ምሃብ፡ ፍቓድ ምዕራይ መራኽብ ምሃብ፡ ናይ ካልኦት ዝተፈላለዩ ንኣሽቱ ኣገልግሎት ናይ ወደብ ፍቓድ ምሃብ ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ብተወሳኺ፡ ብናይ ወደብ ሕጊ መሰረት ኣብ ውሽጢ ወደብ ንዝፍጸም ዘይሕጋዊ ተግባራት ንምቑጻዕን ፍቓድ ምስራዝን መጻልታዊ ምምሕያሽ ምንቅስቓስ ወደብ ምውጻእን ወዘተ ሓላፍነት ናይ ምምሕዳር ወደብ እዩ። ዝ. ንምፍጻም ከኣ ናይ ጉዳእ ርእሱ ተሓባበርትን ፖሊስ ወደብን ይርከቡ።

### ናይ ወደብ ኣገልግሎት

መሰረታዊ ህላወ ናይ ወደብ ዝመጽእን ዝለኣኽን ኣቑሑት (cargo) ምስ ዝህሉ ጥራይ እዩ። እዚ ምስ ዝህሉ ጸዒነን ዝመጽኣን ዝኸዳን መራኽብ ይህልዋ። ኣብ ወደብ ንመራኽብ ምእንጋድ ብቑዕ መዐሸግን ዝንቀሳቐሱን ዘይንቀሳቐሱን ናውቲን ሓይሊ ሰብን ዝም ዝበለ ይመስሉ። ምሉእ ናይ መርከብ መዐሸጊ፡ መርከብ ክትዕሸግ እንከላ መንደቕ ከይትፈሓፍሖ ከም መከላኸሊ ምስ ዝሕግዝ፡ ንመርከብ ምስ ናይ ወደብ ትሕተ ቕርጺ ዝኣስር ገመድ፡ ንመርከብ ካብ ደገ ባሕሪ ሒዙ ናብ ወደብ ክትዕሸግ ዝመርሕ (port pilot)፡ መርከብ ንምዕሻግ ዝሕግዝ ጃላቡ (tug boat)፡ ንመራሒ መርከብ ምስ ባሕረኛታታ ተመሳሊስ ጃልባ፡ ንምርጋፍን ምጽዓንን ዘኽእሉ መሳለጥያታት፡ ካብ መርከብ ናብ መኻዝን ዘመላልሳ ማካይን፡ ንኣቑሑት ዝጠምር ናውቲ፡ ክፉትን ዕጹውን መኻዝን፡ ንናውቲ ወደብ ዝጽግኑ ቴክኒሻናት ቤት ዕዮ፡ ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታት፡ ሰብ ሞያ ምጽዓንን ምርጋፍን ዓበይቲ ማሺናት፡ ሓለፍትን ተቖጻጸርትን ወዘተ ኣብ መርከብን መኻዝንን ይርከቡ።

መርከብ ናብ ወደብ ንምብጻሕ ክትቀራረብ እንከላ ብምልክት መብራህቲ ወይ ብሬድዮ ምስ ናይ ወደብ ምልክት ግምቢ ትራኸብ፡ ሰራሕተኛ ናይ ምልክት ግምቢ ንዝመጻ ኣሶማት መራኽብ ንወደብ ኣቐዲሙ ስለ ዝሕብሮ፡ ንታ ብሬድዮ ትጽውዖ መርከብ ስማ ምስ ኣረጋገጸ ንመርከብ መራሒ ንወደብ ዝዕሸግ ሰራሕተኛ ይሕብሮ። ሰራሕተኛ ግምቢ ምልክት ምስ ዘይህሉ ግን፡ ብቐጥታ ምስ ወደብ ዝዕሸግ ሰራሕተኛ ይራኸባ።

መራኽብ ወደብ ዝኣትዋ ከም ኣመጻጽኣአን እዩ። ኣቐዲማ ብመራሒ ምዕሻግ መርከብ ተመሪሓ ስለትኣቱ፡ ወደብ ናይታ መርከብ ቁመት ናይ ባሕሪ ጥልቀታ ምስ ፈለጠ መዐሸጊ ቦታ እንተሎ ኣብ'ቲ መርከብ መልሕቕ ዝደርበየትሉ ናይ ወደብ መራሒ መርከብ ከይዱ ንወደብ ንኽትኣቱ ይመርሓ።

ቦታ እንተዘየለ ወይ ቦታ ሃልዩ ንቑመታን ባሕሪ ጥልቀታን ዘይመጣጠን ምስ ዝኸውን ብሬድዮ ኣብ ዝሉቶ ተራኣ ክትጸበ ከምዘለዋ ንመራሒ ናይታ ትዕሸግ መርከብ (captain) ይሕብሮ። ወደባትና ንጉዳውያን ማርሳታት ኮይነን ዓሰብ ክልተ ምጽዋዕ ሓደ ናይ መራኽብ ማዕጾ መእተውን መውጽእን ኣለወን። ወደባት ብምዕባል ከይሸገራ ብድልድል ዝተሓጸረ መከላኸሊ ትሕተ ቕርጺ ኣሎ።

ኣብ ጫፍ ናይ'ቲ መእተዊ ድልድል ምሸት ንዝኣትዋን ዝወጻን መራኽብ ብቐይሕን ቀጠልያን መብራህቲ ምልክት ብምሃብ ዝሕግዝን ግምቢ ተሃኒጹ ይርከብ። ኣብ ሳሕቲ እዋን ዓብይ መርከብ ብሕልፊ ዓቢ ክብደት (Tonnage) ሒዛ ዝመጸት ብምኽንያት ዝጸዓነቶ ብዝሒ ናይ ባሕሪ ጥልቀታ ካብ ወደብ ዘሎ መዐሸጊ ዓቕሚ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ባሕሪ እንከላ ብኻልእ ዝኣሰት መርከብ ኣብ ጥቓኣ ተጸጊዓ ካብ መርከብ ናብ መርከብ ከም ዝራገፍ ይኸውን።

እታ ንእሽቶይ መርከብ ካብ ባሕሪ ናብ ባሕሪ እናተመላለሰት ክሳብ እታ ዓባይ መርከብ ናይ ባሕሪ ጥልቀታ ምስ ናይ ወደብ መዐሸጊ ማዕረ ዝኸውን ምግዓዝ ንብረት ይቕጽል። ማዕረ ኣብ ዝኾነሉ ደማ ካብ ባሕሪ ናብ ወደብ ኣትያ እቲ ዝተረፈ ንብረት ተራግፍ። እዚ ኣሰራርሓ እዚ ምፍኻስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ ወደብ ሰለስተ ካልኦት ናይ መንግስቲ ትካላት ይርከቡ፡ ንሳቶም ድማ፡

1. ቤት ጽሕፈት ግምሩክ፡ ብዝሒ ዝራገፉን ዝጽዓኑን ቀረጽ ኣታዊ ዝቆጻጸር
2. ክፍሊ ጥዕና፡ ብዛዕባ ጥዕና ባሕረኛታትን ንጽህና ኣቑሑትን ዝቆጻጸር
3. ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን፡ ብዛዕባ ዜግነትን ወረቓቕትን ባሕረኛታት ዝምርምር፡ ንውሽጢ ሃገር ዝኣትዉን ዝወጹን ከምኡ'ውን ካብ መርከብ ወጺኦም ናብ ከተማ ዝኸዱ ፍቓድ ዝህብ እዩም። ብዘይካ'ዚ፡ ንዕኦም ዘሰንዩ ፋይናንስን ፖሊስ ወደብን እውን ይርከብዎም።

እዚም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ናይ መንግስቲ ኣካላት፡ መርከብ ስርሓ ቅድሚ ምጅማራ ኣብ መርከብ ደይቦም ተቘጻጺሮም ስርሓ ንኽትጅምር ፍቓድ ይህቡ፡ ከምኡ'ውን መርከብ ስርሓ ድሕሪ ምውድኣ ብዘይ ናቶም ማሰርሕ ፍቓድ ምርኻብ ካብ ወደብ ኣይትንቀሳቐስን።

### ክፋላት ምንቅስቓስ ወደብ

ናይ መርከብን ወደብን ስራሕ ኣብ ኣርባዕተ ዝተኸፋፈሉ እዮም። ቀዳማይ ንብረት ካብ ውሽጢ ጉድጓድ መርከብ ተላዒሉ ኣብ ጸግዒ ጥቓ እታ መርከብ ይወጽእ። ካልኣይ ካብ ጥቓ መርከብ ተላዒሉ ንመኻዝን ይኸይድ። ሳልሳይ ካብ ዓበይቲ ናይ ወደብ ጽዕነት ማካይን ተራጊፉ ኣብ ውሽጢ መኻዝን ወይ ክፉት ቦታ ክራገፍ እንከሎ እዩ። እቲ ራብዓይ ኩሉ ነገር ተወዲኡ ካብ ወደብ ኣብ ዝወጻ ክጸዓን እንከሎ እዩ።

ንዚህውኽ ኣቑሑት ግን ብቐጥታ ካብ መርከብ ናብ ማካይን ክጸዓን ምስ ዘድሊ፡ ወናኒ ኣቑሑት ንወኪል መርከብ ቅድሚ ምርጋፍ ንዝተረኽበ ጉድለት ሓላፍነት ውሕስነት ብምሃብ ኣቑሑቱ ክረክብ ይኽእል። መራሒ ናይ ተራግፍ ዘላ መርከብ ወይ ምኽትሉ ተጸጊዖም ንዝመጽኡን ወይ ንዝጸዓኑ ኣቑሑት ናይ ነፍሲወከፍ ጉድጓድ ናይ መርከብ፡ ነቲ ትኣትወሉ ወደብ ምምሕዳር ቅድሚ ስራሕ ምጅማር ሓበሬታ ይህብ። በዚ መሰረት እዩ ድማ ናይ ምርጋፍን ምጽዓንን ስራሕ ዝጅመር።

መርከብ ቅድሚ ምርጋፍ ወይ ኣብ ውሽጢ መርከብ ከተራግፍ እንከላ ንዝተሰበሩን ዝተበላሸዉን ኣቑሑት ሓላፍነት ናይ መርከብ ይኸውን። ካብ መርከብ ናብ ናይ ጽዕነት ማካይን እናተራገፈ እንከሎ ወይ ብድሕሪ ምርጋፍ እንተወደቐ፡ እንተተሰበረ፡ ወይ እንተጠፍአ ናይ ወደብ ወይ ናይ ትካል መድሕን ሓላፍነት ይኸውን። ዝተበላሸወ፡ ዝተሰበረ፡ ዝጎደለን ጠቕላላ ህልውን ብጽብጻብ ንወኪል መርከብ ሓበሬታ ይህብ። ከምኡ'ውን ብኣንጻሩ ካብ ወደብ ንዝለኣኽ ኣቑሑት ኣብ መርከብ ክጸዓን እንከሎ ብወገን ሓለፍቲ መርከብ ዝምላእ ሰነድ ቅበሊት ኣቑሑት፡ ነቲ ዝጸዓን ንብረት ብቡሉዱ፡ ዝተሰበረ፡ ዝተበላሸወ እንተሎ ተቘጻጺሮም ብሓለፍቲ ከይሕተቱ ርእይቶኦም ብጽሑፍ የቕርቡ። እዚ


መርከብ ብመዐሸጊት ጃልባ እናተሳሕበት


ናይ ወደብ ምልክት ግምቢ


መሳርሒታት መራገፍን መጽዓንን

ዝ. ዘሎናውን ብወገን ወደብ መርከብ ኣብ ምርጋፍ እንከላ ጸብጻብ ንብረት ዝተሰበረ ብተቘጻጸርቲ ወደብ ይምዝገብ እሞ፡ ቅድሚ ምርጋፍ ንዝተፈጸመ ናይ መርከብ ሓላፍነት ምኳኑ ንምርግጋጽ መርከብ ስርሓ ወዳኣ ቅድሚ ምኻዳ ብኮፒተን ናይታ መርከብ ወይ ምኽትሉ ከምዝፍረም ይግበር።


ብድሕሪ እዚ፡ ወደብ ንዝተራገፉ ኣቑሑት ብቡሉዱ ፈቒዱ፡ ንኽራገፍ ኣብ ተሻሒሩ ተመዝጊቡ ዝጸበረ ዘይተራገፈን ከኣ፡ ንሱ ብወኪል መርከብ ዝቐርብ ቅበሊት ኣቑሑት (bill of lading) መምርሒ ድጋፍ ይኸውን።

ናይ ወደብ ስራሕ 24 ሰዓታት ኮይኑ ቀዋሚ ሰንበት፡ በዓል ወሲኽካ ብሰለስተ እብረ ይካየድ። እዚ ቅልጣፈን ጥንቃቐን ዘድልዮ ኣድካሚ ስራሕ ብሰለስተ ሓለፍቲ ማለት፡ ብወገን መርከብ ሓላፊ፡ ተቘጻጻሪ ወደብ፡ ወኪል መርከብን ብቐረባ ተራኺቦም እናተረዳድኡ መርከብ ከምትፋኖ ይግበር።

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ



# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ከም እግሩ ዘይተረረ ህጻን

መርከበኛ እየ። ኣብ ባሕሪ ህይወት፡ ዝሓሸ ህይወት ንምድህሳስ ዘወፍር መርከበኛ። ብዙሕ ሕልሚ፡ ብዙሕ ጉዕዞ፡ ብዙሕ ተስፋ፡ ብዙሕ ትጽቢት ኣለኒ። ኣብ ቅድመይ እንታይ ከም ዘጸንሓኒ ኣይፈልጥን። እቲ ንህይወተይ ሓይሊ ኣውሂቡ ዘቐጽላ እቲ ዘይፈልጦ'ዩ። እንድዒ! ከምኡ ይመስለኒ። ኣነጺረ ዝፈልጦ ሓቂ የብለይን፣ ኵሉ ዝመስለኒ እዩ። ናብቲ ባህ ዝበለኒ እየ ዝገይሽ ክብል ኣይክእልን። ባህ ዝበለኒ እንተ ዝፈልጥ እንታይ ዘጓዕዝ ነይሩኒ?!

ኣብ መገደይ ንዝጐንፉኒ ነገራት፡ ስምዒታት... ኣለቃቒበ መልክዕ ክፈጥረሎም ድላይ ካብ ዘሕድር ነዊሕ ኮይኑ። ግን ከኣ ኣቕብጽ ኣቢሉኒ። ካብ ፍቓዶኡ ዝተኣርየ፡ ዝተፈላለየ ግዜ ዝበልዐ... ኣላጊበ ንዝፈጥሮ መልክዕ ግርማ እስእነሉ። ናይቲ ካብ ምልኣት ወዲቑ ዝተረፈ መስካራይ ድየ ክኸውን? እንተ ዝኹነለይስ ሰባኺ ናይ ፍቕሪ፡ መስካሪ ናይ ፍትሒ፡ ኣዘንታዊ ናይ ጽባቐ ክኸውን ምፈተኹ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ባሕሪ ህይወተይ፡ መርከበይ ሒዘ ካብ ቦታ ናብ ቦታ፡ ካብ ሓሳብ ናብ ሓሳብ፡ ካብ ናብራ ናብ ናብራ እናጀለብኩ እንከለኹ፡ ኣንፈቱ ብዘይፈለጥክዎ ንፋስ ተጋጭያ መርከበይ ተሰብረት። ዓዲ ውዒል ኰንኩ'ሞ፡ ኣብ ጥቓይ ናብ ዝነበረ ደሴት ኣላገስኩ። ማዕበል ህይወት ሃዲኡ ማዕበል ውሽጠይ በርትዐ። ሓቝኑ ሓቝኑ ደርበየኒ።

ኣብ ሰጣሕ ጉልጉል ልበይ ኣጥፊአ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ተጻጊመ ኣዒንተይ ከፈትኩ'ሞ፡ ውልዶ ጸሓይ ነቲ መዓልቲ ኣለኹ ክትብሎ ኣርኩብኩላ። ንመዓልተይ ኣመስገንኩ። ንነፍሲ-ወከፍ መዓልተይ ዘልኣለመይ ገይረ ረኣኽዋ። ዝደኸመ እግረይ ኣብቲ ጥሉል ሑጻ ክረግጽ እንከሎ፡ ኣሰራት ክገድፍ ረኣኽዎ። ጽሑፈይ ኣሰር ዝሓለፍኩዎ መገዲ ይኹነለይ። ክሳደይ ጠውየ ነቲ ኣብ ቅድመይ ተሰጢሑ ዝነበረ መጻኢ ኣማዕደኹ፣ ጽሑፈይ፡ ምምዕዳው ናይ ሕልምታተይ ይኹነለይ።

ብዛዕባቲ ዘይሓዘክዎ ክጽሕፍ ኢለ ክመጣጠር ክብል ሓይለይ ደኺሙ። ዝኣረገ ሃዳናይ እየ፣ ካብ ድርኮኺት ገዛይ ኣርሒቐ ኣይወፍርን። ጽሑፈይ ከኣ ኣብ ጥቓይ ዝጸንሓኒ መልክዕ ናይ እተመናንህ ህይወት እዩ'ሞ፡ እግሩ ዘይተረረ ህጻን ንመሬት ገይሩ ከም ዝረገጸ ኰይኑ ይተሓሰበለይ።...

እምባ ተ. - ኣስመራ

### 11~06~2007

ኣባርዳእ

ህይወት ብኸሉ ወገና ከቢዳትኒ'ላ!

ዝወሰዶም ስጉምታት'ውን ከይተረፉ እፈልጦም የለኹን። ርድኢት ዝበሃል ኣምር ኣብ ቦታኡ ዘይምሃላው ኣረጋጊጸ። መገዲ ህይወተይ ንብዓት ምፍሳስ በዚሕዎ'ሎ። ንመን'የ ዝነብዕ ዘለኹ - ንነብሰይ? ሕልናይ? ኣእምሮይ...? እንድዒ! ተሓቢኡ ዝጸንሐ ስምዒት ድዩ ዝወጽእ ዘሎ ወይስ ሕጂ'ዩ ፈልፊሉ?

*ነብሰይ ግደፊ እባ! መልሲ ሃቢ!*

ዝደሃየኪ ዘሎ ድምጺ ስለምንታይ ዘይተቐልብሉ? ካባኺ ሓሊፉ 'እየይ' ዝብል ከም ዘየለ ትፈልጢዶ? በቓ! ንብዓት ይኣክል ሕጂ። ኣይትሰስዒ ኸኣ። ንበይነይ በሃሊት ኣይትኾኒ'ስከ! ካበይ ዝመጽአ ሓድሽ ጠባይ'ዩ? ኣበይ ጸኒሑኪ? ካበየናይ ዕዳጋ ኢኺ ሸሚትኪዮ? ዓይኒ ተመልከቲ፡ ልቢ ስምዒ፡ ተስፋ ተጸናጸኒዶ ትብሊ ኣይነበርክን። ሕጂ ድኣ ከመይ ኣቢሉ ጠፊኡኪ?

ፈሪሐ ኣይትበሊ። ድኹም ጥራይ'ዩ ዝፈርሕ። ቦታኺ'ኮ ፍሉጥ'ዩ። ዝጠፍእ ዘሎ ህይወት ትንፋስ ምለስሉ። ናብዛ ዓለም መምጽኢኺ ንሱ ጥራይ'ዩ። ነዛ ህይወት ከይፈተኺ ሽግር ኣይትትፍእላ። ዘለዋ ሽግር ዘይኣኽላ?! እቲ ዘገድሳ ንስኺ ኢኺ ትፈልጥዮ።

መዝገብ ዝኽርታትኪ'ሞ ገናጽልዮ፡ በቶም ዝሓለፉ ጥዑማት ግዜያት ተቐለቢ። "እምነት" ከም መወዳእታ መዐቀኒ ፍቕሪ ተለጊሱልኪ እዩ። ካብ ዝኽሪ ምህዳም ሎሚ ዑቕባ ክኾነኪ ኣይትሓልኒ። ተቓቒራ ንዘላ ህይወት ሩፍታ ለግስላ ኢኺ፣ ከም'ተን ካልኦት ኣይትኾኒ ነብሰይ፡ ኣይኩነን ንስኺ ዘይትፈትውዮ ነተን ዝበህግኦ'ውን ኣይጠቐመን ዘሎ። በቓ! ይኣኽለኒ በሊ'ሞ... ይኣኽለኪ።

*"ከም ቀደምኪ ኩኒ፣ መታን ጽባሕ ክሓይሽ ካብ ሎሚ" - ኣብርሃም ኣ.*

ሲርዮ ~ ጓል
ኣስመራ



## ሕልምታትካ - ጋህዲ እንክኾኑ...!



*2/2/10*

ንሕና እዘን ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝተፋለጥና መሓዙት፤ ሕውሳት፡ ሰሓቕቲ፡ ተዛረብቲ፡ ቀሩብ ከኣ ጉርሕ ኢልና ኢና። ንሰብ እንተ ተላሊናዮ እንተ ደንጕና ድሕሪ ሓሙሽተ ደቒቕ ኢና ንዛረቦ። ግን ቀርብ ክብድብድ ተብልካ'ዩ ጽቡቕ ምሽ!

ነዛ ዓመትና እምብዛ ኢና ንሓልማ ዘለና። እንታይ'ሞ ክብለኪ፡ ማራ ኢና ንጽበያ! "ከምዚ ንግበር ኖኖእ ከምዚ እምበር" ክንብል ትዓርበና። ሓደ ሓደ ግዜ ኸኣ "እዚ ግን መዓስ'ዩ?" ንብል፣ ባዕልና ኸኣ "ሓንቲ መዓልቲ" ኢልና ንምልሶ። ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ከምዚ ንግበር ምስ ንብሃሃል፡ መዓስ'ያ ተበልካስ ሓንቲ መዓልቲ። እዛ ሓንቲ መዓልቲ ወደይ መዓስ'ያ?

ቦታ ኸኣ ኣዝዩ'ዩ ዘጨንቐና "ሓምላይ ደሴት" ንብል'ሞ ገለ ምኽንያታት ኣምጺእና ንገድፎ። ጸኒሕና ኸኣ "ዋላ ኣብ ገዛ ዓጺና ንውዓል" እምባእ ጸላኢና ተዓቢጡ ይውዓል ኢልና ንገድፎ። ኤእ ሓቅና ኢና ምናዳ ንዓናስ ኮፍ ኢልካ እሞ ኸኣ ተዓጺኻ... ክትዛረበሉ እኳ ዘይጥዑም። እንታይ ንግበር?

ብፍላይ ትምህርቲ እንተ ዘይብልና ንማይ-ላሓም ወሪድና ኣኼባና ነካይድ። ሽዑ ኸኣ ናይ ሰሙንና ዝግበር ዝቐነየ ጌጋታት ንዛረበሉን ንእረመሉን። ኣብ ቀዳም ከኣ'ባ ቤት-ንባብ ኬድና ነንብብን ፊልም ንርእን። ጸሓይ ፓቸ እያ ምሳና፣ ዕርብ ትብል። ምኳን ሓቃ ምስኣ እናወዓልና ደኣ! በቓ እዛ ኣብ ገዛ ኮፍ ምባል ምሳና ብፍጹም ኣይትኸይድን።

መረብከ መን ሓሲብዎ! ገዛና ኸኣ ኣብኡ ዘይትገብርኦ ይብላና። በቓ ከምዚ ጽላል ዘይብሉ ገይርና ቁጺርናዮ። ኣማራጺ ምስ ሰኣንና'ኳ ኣብኡ ንግበሮ ተባሂልና።

"ኣብ ኢድካ ዘሎ ወርቂ፡ ዳርጋ ጨርቂ" ክባሃልሲ ሓቂ'ዩ። ኣብ ጥቓ ገዛናስ በቓ ክንሓስቦ ከለና'ውን ከይፈተና ደስ ከይበለና ኢና። ንድባርዋ "መናፈሲ ቦታ ዘይብላ" ንብላ ነይርና።

ክገርመኪኸ ንድባርዋ ዝጸርፍ ኣይንፈቱን ኢና። ዝተጻረፈ ኣኺልዎ "መን'ዶሞ ምጻእ ኢልካ'ዩ ንተቐማጢኣስ'ባ ሽኮር'ያ። ሓመድካ ዕደ ንሳ እንታይ ዘይገበረት!" ኢልና ኣዋርድ ነብሎም። መብዛሕትኦም ሓመዳ ቀይሕ ኢሎም'ዮም ዝዛረቡ። በዚኣ ግን ኣማሪርና ኔርና ግን ከኣ .... ንኽትርእዮ ኣመና ደስ ዘብል ጽቡቕ ቦታ ኮፍ ኣቢላትልና። ኣየ ድባርዋ ሽኮር።

*ዓመትናን ሕልምናን ኣብ ሩባ መረብ*

*01 ግንቦት 2009*

ድባርዋ

ዓመትናስ ሎሚ ኣብ መዓልቲ ሰራሕተኛታት'ያ ዝዋዓለት። ንፈጣሪና'ውን ኣመስጊንናዮ። ምኽንያቱ ነዛ መዓልቲ ንሱ ስለ ዘፍቀዳ። ነዛ መዓልቲ ንህንጢያን ንሓልማን ነይርና። ሕልምታትካ ጋህዲ ክኾኑ እንከለውስ ክንደይ የሐጉሰካ መሰለኪ! ክትሓልም ጽቡቕ'ዩ ጋህዲ ምስ ዝኾኑ ኸኣ ማራ የሐጉሱኻ። እንተ ዘይንሓልም እዚ ሓጐስ መን ምረኸቦ?

እቲ ዝወዓልናዮ ቦታ ኣዝዩ ደስ ዘብል'ዩ። ንፋሱ፡ ኣኻውሑ፡ እቲ በበይኑ ሕብርታት ዝሓዘ ኬፍ ዝህበካ ኣእማንን፡ እቲ ጻሊም ሕብሪ ሑጻ፡ ኮታ ኵሉንትናኡ ባህታ ዝፈጥረልካ ቦታ፡ ሩባ መረብ ኢና ውዒልና። ኣብቲ ሓቒቕ ዝመስል ዝዛሪ ማይ ነቲ በበይኑ ዝሕብሩ ኣእማን ክትሪኢ እንከለኻ ዝወረካ ባህታ እ...ው...ይ ሕምም ኢኻ ትብል!

ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን ማራ'ዩ ዝስሕበካ። ኣዚና ፈቲናዮ፣ ምኳን ባዕልና ንፈትዎ ኣይኮነን ባዕሉ'ዩ ዝፍቶ። እንድዒ! ክትገልጾ ዘይትኽእል ፍትወት። ክንድኡ ምፍታዉከ ኣሎ ድዩ? ኢለ ሓሲበ። ገሊኡ ኸኣ'ባ ኣሎ ክትገልጾ ዘጸግም ሓጐስ። ክንደይ ሰብ ሓጐስ ክደሊ ከርተት ይብል ይኸውን'ዩ።

ብሓቂ ኣነ ሓንቲ ሓጐስ እትሸይጥ ድኳን ክፈቲ ይመጽኣኒ ኣሎ። ሰኣን ዓይንኻ ሓጺብካ ወይ ዓይንኻ ገልቢጥካ ምርኣይ ንሓጐስ ክትብል ኮለል ትብል። ንሕና ኸኣ ድሕሪ ክንደይ ናይ ሓሳባት ውረድ-ደይብ ኢና ናብዚ መጺእና። መጀመርታ'ኳ ከም መወዳእታ ኣማራጺ ኢና ሒ ዝ ና ዮ ።

እንተኾነ ቀዳማይ ምኳኑስ ኣርኢና።

ኣብቲ ሑጻ መንጸፍና ኣንጺፍና፡ እቲ ከዛናጋዓና ይኽእል'ዩ ኢልና ሒዝናዮ ዝኸድና መግብታትን ዕላላትን ኣብኡ ኣራጊፍናዮ።

ነቲ ቶርታ ሽምዓ ምስ ገበርናሉ ክንውልዖ እንተ በልና ንፋስ ደስ ኣይበሎን ግዲ ገዲፍናዮ። በሊዕና፡ ሰቲና፡ ንዝበላዕናዮ ከፋኹሰልና ኣብቲ ሑጻ ባድሚንተን ተጻዊትና፣ ካልእ'ውን መሊኡ...።

ዋው! ጀሪካን ሒዘን ዝወርዳን ዝድይባን ዘለዋ ኣዋልድ ኬፍ ክህባኻ! ከምዚ ነዚ ቦታ ከማዕርጋ ተዓጢቐን ዘለዋ ክመስላ ጀሪካን ተሰኪመን ኣብቲ ክትድይቦ ኣሰልቻዊ ዝመስል ዓቐበት ተር ኢለን ይድይባ ኣለዋ። ማይ ዝወርዳ ኣዋልድ ዘይኰና ናይቲ ጎቦ ስልማት'የን ዝመስላ። መሳኪን ኣዋልድ፡ ጸረን ክሳዕ ሕጂ ከምኡ ድዩ ዘሎ ኢለ ሓሲበ።

እዚ ንፋስ ደስ ዘብል ብምኳኑ ከምዚ ኣብ ዝኾነ ንብሎ ንጽሕፎ "ንመዋእል መሓዙት!" እዚ ንፋስ ከኣ ግዲ ምስጢር ውሽጥና ፈሊጡ እናነፈሰ "ሓቅኸን እወ" ዝብል ይመስል ኣሎ። እዘን ኣዕዋፍከ ክንደይ ክጥዕም'ዚ ድምጸን! "ኣቐኒእክናና" ዝብላ ክመስላ ኣቶኩረን ይርእያና ኣለዋ።

ኣብቲ ዘይድየብ ዝመስል ኣኻውሕ ደይብና፡ ንፈትዎ ደርፌ ትግርኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ትግራይት፡ ዓረብኛ ደሪፍና። ከምኡ'ውን ዘሚርና። ናይ ህጻንነትና መዛሙር ዓው ኢልና ዘሚርናዮ፣ እንታይ ኢና ናፊቕና እንድዒ ግን ተደፋኒቕና። ኣማዕዲና ዝረኣናዮ ከውሒ ምስ ተቐመጥናሉ፡ ተሓጒሱ ኣወጢሕና ዝጋልብ ዘሎ ገመል መሲልናስ፡ "በለጸ" እኳ ደኣ ኢልና።

ሕጂ ብዛዕባ መጻኢ መደባትናን ክንገብሮ ዘለናን ንሓልሞ ኣለና። እዚ እንሓልሞ መፈጸምትኡ የርእየና'ዩ ዘብል። እምበር ንብሎ ዘለናስ ብዙሕ'ዩ። ከምዚ ሕልምና ጋህዲ ዝኾነልና፡ ሕጂ'ውን ንሓልሞ ዘለና ጋህዲ ክኾነልና ንትስፎ ኣለና። በሊ ቻው ምስ ዝተረፈ ምዝንጋዕ ክንዛናጋዕ።

ሶልያና ተ.

### ሓድሽ ስምዒት

ኮኪ ሰይቲ ሓወይ ሓሪሳ ናብ ሆስፒተል እኸይድ ኣለኹ። እዛ ታክሲ ፈዘዝ ደኣ ትብል ኣላ'ምበር። ኦይ ኣነ'የ ተሂወኸ እምበር ንሳስ ከም ቀደማ'ያ ትኸውን። ኣመና ተሃንጥየ ኣለኹ። ካብ ቦኾሪ ሓወይ፡ ቦኾሪ ወዲ-ሓው ረኺብና፣ ተመስገን።

ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ስምዒት እንታይ ምኳኑ ምልላይ ስኢነዮ። ግና ኣመና ተሓጉሰ ኣለኹ። ሓደ ደምና ዝወሰደ ስጋና ተወሊዱ ኣሎ። እዚ ሓድሽ ጸጋ ክንዲ'ዚ ውዕዉዕ ስምዒት ክፈጥረለይ ምኽኣሉ ተደኒቐ ኣለኹ። ፍረ ብርከይ ምስ ረኸብኩኽ ደኣ ከመይ እየ ክኸውን ማለት'ዩ?

ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC), the Construction team is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

### 1.Civil Engineer

**Number required-(05)**

**Type of Contact – Definite period 01 Years**

**Major Duties and responsibilities.**

- Responsible for preparation of civil work plans on CAD.
- Preform all surveying works as needed.
- Follow all safety procedures of the camp.
- Collect data of all the project works and prepare project documents
- Assist engineers in civil works and organize subordinates to work effectively.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications, or Equivalents | - College degree/middle school diploma in construction or related fields. |
| Working Experience – Nature & length | - Have no less than 5 years of working experience in a civil engineering project. |
| Leadership Experience- Nature & length of time | - Demonstrate good supervisory and leadership skills.<br>- Good communication skills in English. |
| Other skills and abilities | - Ability to work in culturally diverse working environments. |

### 2. High Voltage Electrician

**Number required-(03)**

**Type of Contact – Definite period 01 Years**

**Major Duties and responsibilities.**

- Able to lay high voltage electric cable and install electric distribution cabinet.
- Can independently count & plan electric workload through reading drawing effectively.
- Provide repair and maintenance service as needed.
- Implement to expand the system inline to the expansion works.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications, or Equivalents | - Has certificate as an electrician or a high voltage electrician. |
| Working Experience – Nature & length | - Has extensive high voltage electricity experience for 8 years or more. |
| Leadership Experience- Nature & length of time | - Demonstrate good supervisory and leadership skill.<br>- Can train and arrange work to subordinates properly about the mentioned field |
| Other skills and abilities | - Ability to work in culturally diverse wworking environments. |

### 3. Argon Arc Welder

**Number required-(04)**

**Type of Contact – Definite period 01 Years**

- Place of Work: Asmara Project Site
- Salary: As per Company salary scale
- Type of Contract: Indefinite

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 10 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**

The Construction Team
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to
Department of Mineral Resources Management
P.O. Box 272 Asmara, Eritrea

**Note to None Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽእ ዘሎ ምልክታ ጨረታ

ሚኒ/መጓ/መራኸቢታትን ንዓመት 2024 ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ስራሓትን ኣገልግሎታትን ዝሁብ ትካላት ኣወዳዲሩ ውዕል ክኣቱ ስለዝደለየ ተጫረትቲ ይዕድም፡

1. ምጽጋን ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑ (ኮምፒዩተር፡ ፕሪንተር፡ ፋክስ፡ ፎቶኮፒ ወዘተ)
2. ምምላእ ቐለም (ፕሪንተር፡ ፎቶ ኮፕየርን ፋክስ፡ )

### ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ኦርጂናልን ቅዳሕን ወረቐት መንነትን ምቕራብ፡፡
2. ናይ ዓመት 2022 ግብሪ ከም ዝኸፈልካ ዘረጋግጽ ክሊራንስ ማዕቶላዊ ሰነድን ቅዳሕን ምቕራብ፡፡ እቲ ማዕቶላዊ ምስቲ ቅዳሕ ተነጻጺሩ ተመላሲ ይኸውን፡፡
3. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታታሊ መዓልታት ክፉት ይኸውን፡፡
4. ጨረታ ኣብ ማብል 10 መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ኣብ ቀጽሪ ማ/ቤ/ጽሕፈት ሚኒ/መጓ/መራኸቢታትን ዝርከብ ኣዳራሽ ቁ.303 ተጫረትቲ ባዕሎም ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኽፈት፡፡ ማብል 10 መዓልቲ ስራሕ ኣብ ዘይብሉ መዓልቲ ምስ ዝውዕል፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት፡፡
5. ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ (50.00) ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽሕፈት ሚኒ/መጓ/መራኸቢታትን ቤት ጽሕፈት ቁ.317 ይውሰድ፡፡
6. ኣብ እዋን ምኽፋት ጨረታ ተጫራቲ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ምስ ዘይርከብ፡ ቦቶም ዝተረኽቡ ተጫረትቲ ጨረታ ይኽፈት፡፡
7.ሚኒ/መጓ/መራኸቢታትን ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 182570 ብምድዋል ተወከሱ፡፡

ሚኒ/መጓ/መራኸቢታትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Medical Nurse
**Department**: HSE
**Number Required**: 01
**Contract Type:** Indefinite
**Place of Work:** Emba Derho Site

## Major Duties and Responsibilities

Patient care

- Question patient on medical history.
- Question patient about current symptoms
- Carry out initial examination and laboratory tests
- Treat patient if required consult Doctor
- Follow up on patients as required

Document work related accident for insurance

- Record details of accident on specific form, keep a copy of form.
- Send form to HR & HSE (Health Safety & Environment) Department

Admission of Patients

- Examine patient
- Provide necessary therapy
- Consult Doctor
- Maintain Sensitization of medical Equipment's
- Escorting referral patient via ambulance to Asmara
- Assist in ensuring patient is stable
- Complete necessary documentation
- Ensure all necessary medical equipment and supplies/ medicine are available for the trip
- Travel with patient on ambulance, monitoring condition.
- Administer Doctors order While transporting
- Give report of the trip

Preparation of medical equipment and Supplies

- Preparing medical dressing materials for patients as required
- Prepare antiseptics as required
- Check equipment on a daily basis.
- Scrubbing of work station on daily basis Report Writing
- Compile Weekly reports for Supervisor and Superintendent
- Complete other reports as requested

## Qualification and Other Skills

| | |
|---|---|
| ❖ Formal Education, Certifications or Equivalents | ❖ Degree/ Diploma in Nurse<br>❖ Registered at Ministry of health<br>❖ Currently works as nurse |
| ❖ Working Experience – Nature & Length | ❖ Diploma +6Years of experience in Clinical nursing<br>❖ Degree +2 Years of experience in Clinical nursing |
| ❖ Leadership Experience – Nature & length of time | ❖ First aid certified<br>❖ Health center experience recommended<br>❖ Computer Skill<br>❖ Safety Experience<br>❖ Excellent Communication Skills (Basic English/Local Language)<br>❖ Interpersonal Relations<br>❖ Ability to Work towards strict Deadlines<br>❖ Team Player |
| ❖ Other skills and abilities | ❖ Physically Fit |

## General Information and Other Requirement

- Place of Work: Asmara Project Sites (Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

## Additional Requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

## Address: Please mail your application to;

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Required to send a copy of their application to the following address**

Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

**Note to None Eritrean applicants:**


Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

### ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኮሳሲት ሓያት ጣህር መሓመድኑር፣ ማሕሙድ ኣማን ባህታ ካብ 1978 ደሃይ ስለዘይብሉ ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሓዋ ሰዒድ እስማዒል፣ ኣልማርሖም ማሕሙድ ዑመር ዳውድ ስለዝዋረሰ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፣ 6 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ብጫን ቀይሕን ካርድ መዓስን ብኸመይን ጀሚረን?

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 1970 ብማዕፍኣ ሃገራዊት ጋንታ ምዕራብ ጀርመን ተሳዒራ ዋንጫ ካብ ምልዓል ተዓንቂጻ ኢያ። ይኹን'ምበር፡ እንግሊዛዊ ዳኛ ከን ኣስቶን፡ ኣብዚ ዓለምለኻዊ ውድድር ብሓፈሻ ከኣ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ወትሩ ስሙን ስም ሃገሩን ዘጸውዖ ታሪኽ ወቒሩ እዩ - ንፈለማ ግዜ ኣብቲ ውድድር ብጫን ቀይሕን ካርድ ብምትእትታው።

ኣብዚ ፍቱው ዝኾነ ዓውደ ስፖርት፡ ካብተን ናይ ደያኑ ቀንዲ መሳርሒታት - ብጫን ቀይሕን ካርድታት እየን። እዘን ካርድታት፡ ኣፍተን ዕላማ ከምዘለወን'ውን ይፍለጥ። ብጫ ካርድ፡ ናይ መጠንቀቕታ ምልክት ኮይና፡ ቀያሕ ከኣ፡ ምስጓግ ኢያ። እዚ ማለት፡ ዳኛ ንሓደ ተጻዋታይ ብጫ ካርድ እንተመዚዙሉ፡ እቲ ተጻዋታይ ክጥንቀቕ ከምዘለዎ ፈሊጡ ኣሎ፣ ጸወታ ክቕጽል'ውን ይኽእል እዩ። ካልኣይቲ ብጫ እንተተመዚዙቶ ግን፡ ብኽልተ ብጫ ካርድ ካብ ሜዳ ይወጽእ።

ብመንጽሩ፡ ቀይሕ ካርድ ዝተራእዮ ተጻዋታይ፡ ብቐጥታ ካብ ሜዳ ይወጽእ፣ ወላ'ውን ኣብቲ ናይ ተኽኢኽ ቦታ ወይ መንበር ተቐሚጡ ክፍ ክብል ኣይፍቀዶን እዩ። እዘን ካርድታት፡ ተጻወትቲ ክጥንቀቑ ተደጋጋሚ በደል ከይፍጽሙን ጸወታ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ከይከውንን ድማ ይሕግዛ። መዓስን ብኸመይ እየን ግን ኣብ ጥቕሚ ክውዕላ ጀሚረን?




መግዚ እዘን ካርድታት - እንግሊዛዊ ከን ኣስቶን ምዃኑ ይግለጽ። ኣስቶን፡ ዕግርግር ዝመልኦ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 1966 - እንግሊዝን ኣርጀንቲናን ከም ምንጪ ሓሳብ ምህዞ እዘን ካርድታት ከምዝተጠቐመለን ታሪኽ የረድእ። ከኑ ድሕሪ'ዛ ብዓወት ሃገሩ እንግሊዝ ዝተዛዘመት ጸወታ፡ ካብ ስታድዩም ዌምብሊ ናብ ገዝኡ ብማኪና እናተጓዓዘ ብዞባዚ ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ እናሓሰበ እንከሎ፡ መብራህቲ ትራፊክ ደው ኣበሎ። ኣብቲ ህሞት'ቲ ከኣ፡ ኣተን ኣብ ናይ ትራፊክ ዓንዲ ዝበራ ሕብርታት ብዞባኡ ኣቐለበለን፣ ብጫ - ናይ ምጥንቃቕ፡ ቀይሕ ከኣ ደው ናይ ምባል ምልክት።

ኣስቶን ገዝኡ ምስ ኣተወ ኑቲ ኣብ ሜዳ ዝበረ ዕግርግርን ዝተዓዘቦ ናይ ትራፊክ መብራህቲን ንበዓልቲ ቤቱ ኣዕለሉ። ሓድሽ ሓሳብ ቀጅል ዝበላ በዓልቲ ቤቱ ካብቲ ኣብ ገዛኦም ዝበረ ወረቓቕቲ ክልተ ኣብ ጁባ ክኣትዋ ዝኽእላ ካርድታት ቀሪጻ ብምምጻእ ንበዓል ቤታ ሃበቶ፣ ፍልቀት እዘን ካርድታት ድማ ኮነ።

ድሕሪዚ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝበሩ ሰበሰልጣን ፊፋ፡ ኣብዘን ካርድታት ዝዋበእ መስርሕ ድሕሪ ምኽያድ፡ ብወግዒ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1970 - መክሲኮ ኣተኣታተወወን። በዚ ከኣ፡ ደያኑ ንጥንቃቐ - ብጫ ካርድ፡ ንዝስጎግ - ቀይሕ ካርድ ዘርእዩሉ ስርዓት ተማዚዙ፣ ንፈለማ ግዜ ከኣ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1970 ተጠቒሞምሉ። ካብቲ ግዜ ጀሚረን፡ ክሳብ ሕጂ ቀንዲ ዕጥቂ ማእከላይ ዳኛ ኮይነን ይቕጽላ ኣለዋ - ን54 ዓመታት። እዘን ሕብራታት፡ ክንጹ ኩዕሶ እግሪ፡ ኣብ ካልኦት ስፖርት - ከም ራግቢን ኩዕሶ መርበብን እውን ተኣታትየን እየን። ነዘን ካርድታት ከምዝመሃዘ ዝግለጽ ከን ኣስቶን ግና፡ ወግዓዊ ኣፍልጦን ህዝባዊ ክብርን ከምዝዩረኽበ ገለ ወኻናት የረድኡ፣ ዘሕዝን ምዃኑ'ውን ይዛረቡ።

ኣስቶን፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ብዙሕ ምዕባለታት ከምዘዝበረ ሰነዳቱ የረድእ። ኣብ 1946፡ ኣብቲ እዋን ፍሉይ ዝኾነ ምሉእ ጸሊም ክዳን ለቢሱ ዝኣተወ ናይ ፈለማ ዳኛ ክኸውን እንከሎ፡ ድሕሪ ዓመት ከኣ፡ ናይ መስመር ዳያኑ ዝሕዝዎን ዝተመሓየሻ ሕብራውያን ጥንዔራ እውን ኣተኣታትዩ። ከምኡ'ውን፡ ቁጽሪ ክንደይ ይወጽእን ቁጽሪ ክንደይ ይኣቱን ኣሎ ዝሕብር መቀያየሪ ቦርድ ንሱ እዩ ኣተኣታትይዎ።

ንሽሞንተ ዓመታት ካብ 1966 ክሳብ 1974 ኣባል ኮሚተ ዳያኑ ፊፋ ዝበረ ከን ኣስቶን፡ ኣብ ጥቅምቲ 2001 ኣብ መበል 86 ዓመቱ ዓሪፉ።

ምስ ጉዳይ ካርድታት ብዝተኣሳሰር፡ ሕግታት ኩዕሶ እግሪ ዝውስን ዓለምለኻዊ ማሕበር ቦርድ ኩዕሶ እግሪ (IFAB)፡ ሰመያዊ ካርድ ከተኣታቱ ሓሰቡ ከምዘሎ'ኹ ፈሊጥኩምዶ? ብመሰረት እዚ ማሕበር፡ ተጻወትቲ ዘዩድሲ በደል (ፋውል) እንተፈጺሞም፡ ወይ ከኣ ተቓውሞ እንተገይሮም፣ ብሰመያዊ ካርድ ን10 ደቓይቕ ካብ ሜዳ ክወጹ ይቕሰቡ። እዚ ማሕበር፡ ንኣተግባብራ እዛ ካርድ ኣብዚ ወርሒ ኣብ ዓበይቲ ሊጋት ክፍትንኖ ምዃኑ'ውን ኣፍሊጡ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ፊፋ ነዚ ሓሳብ'ዚ ኣይተቐበሎን።

## ጓርድዮላ ንፍሊፕስ ይቕሬታ ይሓትቶ

ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ሚዛን ብምውሳኹ ንዝኸቐፎ ተጻዋታዩ ካልቪን ፍሊፕስ፡ ብወግዒ ይቕሬታ ሓቲትዎ።

እቲ ፍጻመ፡ ተጻወትቲ ሲቲ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም 2022፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ናብ ክለቦም ድሕሪ ምምላሶም እዩ ኣጋጢሙ። ጓርድዮላ፡ ኣብቲ ምስ ሊቨርፑል ዝተጻወቱዎ ናይ ካራባኦ ካፕ ጸወታ፡ ንፍሊፕስ ካብ ዝርዝር ተጻወትቲ ምስ ኣለየ፣ ድሒሩ ብዞባ ውሳኔኡ ኣብ ዝገለጸሉ እዩ፡ ኑቲ ተጻዋታይ ሚዛን ወሲኹ ከምዝነበረ ኣፍሊጡ።

ቅሉዕ ነቐፌታ ናይ'ዚ ዓሰልጣኒ ንፍሊፕስ ከምዝቖየሞ እዩ ዝሕብር። እዚ ተጻዋታይ፡ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ጥሪ ብልቓሕ ናብ ዌስትሃም ድሕሪ ምስጋሩ ድማ፡ ርእይቶ ኣሰልጣኒኡ ኣብ ርእሱ ተኣማንኑቱ ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝነበረ ገሊጹ ነይሩ።

ብዘርባኡ ዝተጣዕሰ ጓርድዮላ፡ "ይቕሬታ ግበረለይ" ክብል እዩ ተሰሚዑ። "ቅድሚ ሕጂ፡ ንተጻዋታይ ቅድሚ ምዝርራብየ ኣብ ማዕከናት ዜና ወጺኡ ተዛሪበ ኣይፈልጥን እየ።" ይብል እዚ እስጳኛዊ ብሉጽ ዓሰልጣኒ።

ኣብ ሲቲ ቀዋሚ ቦታ ክረኽብ ብዘይምኽኣሉ ናብ ዌስትሃም ብልቓሕ ተሰጋጊሩ ዘሎ ፍሊፕስ፡ ኣብዘን ሰንደናዊት ክሉበ'ውን ጽቡቕ ስታስቲክስ ከጽሕፍ ኣይካኣለን ዘሎ። ዝሓለፈ ቀዳም፡ ብኖቲንግሃም 2ብ0 ኣብ ዝተሰዓሩሉ ግጥም ከኣ፡ ብኽልተ ብጫ ካርድ ካብ ሜዳ ተባሪሩ።



## መሲ፡ ንሽልማት ባሎን ድ'ኦር . . .

ሊዮኔል መሲ፡ ወላ'ኳ ንሻሙኒይቲ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ናብ ኢንተር ሚያሚ ምስ ተሰጋገረ እንተተዓወተ፡ ትማሊ ግና፡ ንቤተ ማዘክር ባርሴሎና ከምዝወፈያ ተገሊጹ።



መሲ፡ ነዛ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ 2023፣ ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ ጥቅምቲ ንኤርሊንግ ሃላንድን ኪልያን ምባፐን በሊጹ እዩ ዓቲሩዋ። እዚ ኣርጀንቲናዊ ኑተን ኣቐዲሙ ዝተዓወተለን ሸውዓተ ሽልማት ባሎን ድ'ኦር፡ ኣብ ላ'ሊጋ ማልያ ባርሳ ለቢሱ እንከሎ እዩ ኣልዒሉወን።

ኣብ 2021 ተገዲዱ ካብዛ ጋንታ ከምዝወጸ ዝግለጽ መሲ፡ ብናጻ ናብ ፒኤስጂ ምጽምባሩ ይዝከር። ሊዮ፡ ኣብዛ ፓሪሳዊት ክሉብ ናይ ክልተ ዓመታት ጸንሒቱ ምስ ዛዘመ፡ ኣብ ክረምቲ 2023 ናብ ኢንተር ሚያሚ ተሰጋጊሩ። ምስዛ ሊግ ካፕ ክትዕወት ዝሓገዘ ኣመራኺት ጋንታ እንከሎ ድማ፡ ነዛ ብፈረንሳዊት ማጋዚን እትዕደል ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ንሻሙናይ ግዜኡ ተዓዊቱላ።

መሲ፡ ነዛ ቅድሚ ወሰናት ኣዋርሕ ዝዓተራ ሽልማት ድማ እዩ ምስተን ኣብ ባርሳ እንከሎ ዝተዓወተለን ሸውዓተ ሽልማት ክትጸምበር፡ ኑቲ ቤተ ማዘክር ኣረኪብዎ ኣሎ። ብርክት ዝበሉ ዝተፈላለዩ ናይ ውልቂ ሽልማት ዝዓተረ መሲ፡ ንኹሉ ኣብ ገዝኡ ከቐምጦ እኹል ቦታ ስለዘይብሉ እዩ፡ ባርሳ፡ ኣብቲ ቤተ ማዘክር ትዕቅቦ ዘላ - ብመሰረት ጋዜጣ ጎል።

## ምባፐ፡ ምስ ማድሪድ ተሰማሚዑ

ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ ኪልያን ምባፐ፡ ኣብዛ እትመጽእ ክረምቲ ናብ ሪያል ማድሪድ ክጽምበር ምስምማዑ፡ ጋዜጣ በቢሲ ትማሊ ኣብ ዓምዳ ኣስፊራ።



ምባፐ፡ ዝሓለፈ 13 ለካቲት፡ ቅድሚ ልምምድ ምጅማሮም፡ ንፕረዚደንት ፒኤስጂ ናስር ኣልቲኸሊፊ ረኺቡ፡ ኣብዛ ክረምቲ ካብዛ ጋንታ ብምውጻእ ናብ ማድሪድ ክጽምበር ምዃኑ ነጊርዎ ነይሩ። እዚ ተጻዋታይ፡ ዛጊት'ኳ ምስ ማድሪድ ውዕል እንተዘይፈረመ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምዃኑ ግና ይሕበር። ዓመታዊ ድሙ፡ 15 ሚልዮን ዩሮ (12.8 ሚልዮን ፓውንድ) ክኸፈል እዩ። ኣብ ሓሙሽተ ዓመታት ዝዘርጋሕ ከኣ፡ 150 ሚልዮን ዩሮ ክኸፈል እዩ - ብመሰረት እዚ ዜና።

ምባፐ፡ ኣብ ግንቦት 2022፡ ክሳብ 2025 ዘጽንሖ ውዕል ምፍራሙ ተገሊጹ ነይሩ። ምስ ፕረዚደንት ኣልኸሊፊ ብምኻን 2025 ዝተለጠፉ ማልያ ሒዙ ኣብ ሜዳ እታ ጋንታ - ንውዕሉ ወግዓዊ ምግባሩ'ውን ይዝከር። ይኹን'ምበር፡ ዝሓለፈ ዓመት እቲ ውዕል ክሳብ 2024 ምንዋሩን እታ ሓንቲ ዓመት ብናቱ ድሌት እትውሰኽ ምዃናን ተቓሊሑ - ድሕሪ'ቲ ኑታ ብውልቃዊ ድሌቱ ዘፍርማ ውዕል ምንባሩ።

በዚ ከኣ፡ ምስ ሰበሰልጣን እታ ክሉብ ተባኢሱ፣ ካብኣ ድማ ተኣልዩ ነይሩ። ድሒሩ ከኣ ምስ ኣልኸሊፊ ኣወንታዊ ወጽኢት ዝበሮ ዝርርብ ብምግባር ናብዛ ክሉብ ተመሊሱ፡ ንጥፈታቱን ሹቶታት ናይ ምቑጻር ዕማሙን ድማ ቀጺሉ። ናብ ማድሪድ ናይ ምጽምባር ተኽእሎኡ ግና፡ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ ምዃኑ እዩ ክሕበር ጸኒሑ።

## ጆታን ጆንሰን፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ካራባኦ ካፕ . . .

ተጻወትቲ ሊቨርፑል ዲያጎ ጆታን ከርቲስ ጆንሰን፡ ብሰሪ'ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዘጋጠሞም መጉዳእቲ፡ ጋንታኦም ምስ ቸልሲ ኣብ እትካየዶ ናይ ፍጻመ ግጥም ካራባኦ ካፕ ኣይክህልዉን እዮም - ብመሰረት ጸብጻባት።



ጆታ ብሰንኪ ናይ ብርኪ፡ ጆንስ ከኣ ብሰሪ ናብ ዓንኮር ዓንካሪቶ መጉዳእቲ እዮም፡ ካብቲ ንብሬንትፎርድ 4ብ1 ዝሰዓሩሉ ጸወታ ተቐይሮም ክወጹ ተቐሲቦም። ወላ'ኳ ተወሳኺ መርመራ ክተየደሎም እንተዀኑ፡ ጆታ ግና፡ ንኽልተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ይኽእል እዩ።

ሊቨርፑል፡ ኣብዛ ጸወታ ንኣሌክሳንደር ኣርኖድል እውን ከምዘይትጥቀመሉ ይግለጽ። ሓላዊ ልዳት ኣሊሶንን ሰጣዝሊይን ድማ፡ ኣጠራጣሪቲ እዮም። ኣልካንትራ፡ ባጀስቲችን ማቲፕን ኣቐዲሞም ብዝተፈላለየ መጉዳእቲ ናብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዘምርሑ ኣባላት እዛ ጋንታ እዮም። እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ወቕቲ እዋን ብርክት ዝበሉ ኣገደስቲ ተጻወትታ ከሲራ ብምህላዋ፡ ዋጋ ከየኽፍላ ደገፍታ ይሰግኡ።


ንቸልሲን ሊቨርፑልን ዘራኽብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ካራባኦ ካፕ፡ ሰንበት 25 ለካቲት ኣብ ሃገራዊ ስታድዩም እንግሊዝ - ዌምብሊ ክካየድ እዩ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣርባዕተ ማልያታት ወሲዶም

ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ሳልሳይ መድረኽ ዙር ርዋንዳ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ምስ ብሉጽ ብቕዓት ኣርባዕተ ናይ ክብሪ ማልያታት ወሲዶም። ኣብዚ 140.3 ኪሎሜትር ርሕቀት ዝሸፈነ ዝበረን




ተረርቲ ዓቐብ ዝበርከ መድረኽ፡ ትስፋው ተቐዳዳማይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ምስ ቀዳመይቲ ጉጅለ ኮይኑ ኣብ ዝበጽሐ ቅጽበታዊ ውድድር ሻዱሻይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ፈጺሙ። ምስ ባይክ ኤይድ ኮይኑ ውድድሩ ዘካይድ ዘሎ ዳዊት የማነ መበል 20 ደረጃ ክሕዝ ከሎ፡ ዝኣሰ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ያፌት ምሉጌታ ከኣ መበል 22 ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ ኣሎ። ዚ ተቐዳደምቲ ኣብ ሰዓት 37.1 ኪሎሜትር እናረገጹ ብ3 ሰዓት፡ 46 ደቒቕን 41 ካልኢትን ዝዛዘሞ መድረኽ፡ ኮሎምብያዊ ምኩር ተቐዳዳማይ ጆናታን ሬስትሬፖ እዩ ተዓዊቱሉ። ኣሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱሰን ናሆም ዘርኣይን ኣብዚ መድረኽ መውደቕቲኳ እንተኣጋጠሞም፡ ሓያል ጻዕሪ ብምክያድ 2 ደቓይቕ ድሒሮም ውድድሮም ከም ዝወድኡ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣኽሊሉ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ብዘመዝገቦ ወጽኢት ሰለስተ ናይ ክብሪ ማልያታት ክወስድ በቒዑ ኣሎ። ወዲ 19 ዓመት ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ማልያታት ብሉጽ መንእሰይ ተቐዳዳማይ፡ ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይን ብሉጽ ኣፍሪቃዊ መንእሰይ ተቐዳዳማይን ክዕትሮ ክኢሉ ዘሎ።

ዚ ዓመት ስፖርት ምስ በልጅማዊት ክለብ ኢንተርማርሼ ክጻወት ተሰማሚዑ ዘሎ ኣኽሊሉ፡ ንውድድር ብሉጽ




መንእሰይ ተቐዳዳማይ ብ7 ሰዓት 4 ደቒቕን 12 ካልኢትን ክመርሖ ከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ ያፌት ምሉጌታ ድማ ካብ ኣኽሊሉ16 ካልኢት ድሒሩ ኣብ ሳልሳይ ተርታ ተቐሚጡ ኣሎ። ዩሌል ሃብተኣብ እውን ኣብ ዓሰራይ ተሰሪዑ ብምህላዉ ኤርትራ ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት መንእሰያት ተቐዳደምቲ ሰለስተ ከተእቱ በቒዓ ኣላ።

ብዓሚ ማልያ ንምውናን ኣብ ዝካበ ዘሎ ቅልስ፡ ኣኽሊሉ ሓሙሽተ ደረጃታት ንቕድሚት ብምሕኳር ካብ ቀዳማይ ዘሎ ፈረንሳዊ ተቐዳዳማይ ከቨ ስቴፕ ሬንድርስ 5 ካልኢት ጥራይ ድሒሩ ኣብ ሻዱሻይ ተርታ'ዩ ተሰሪዑ ዘሎ።

ብዘይካዚ፡ ኣብዚ ውድድር ማልያ ጀርመናዊት ክለብ ባይክ ኤይድ ወደዩ ዝወዳደር ዘሎ ዩሌል ሃብተኣብ ኣብዚ ሓያል መድረኽ ብዘርኣዮ መሳጢ ብቕዓት ብ32 ነጥቢ ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ክወዲ ክኢሉ ኣሎ። በዚ ከኣ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ወሰንቲ ኣርባዕተ ማልያታት ክኾኑ ምኽኣሎም ካብ ብዙሓት ወገናት ኣቓልቦ ክረኽቡ ክኢሎም ኣለው።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሕጂውን 21 ሰዓት 36 ደቒቕን 40 ካልኢትን ጸብለል ኢላ ኣላ። ሃገራዊት ጋንታ ርዋንዳ ድማ 2 ደቒቕን 20 ካልኢትን ድሒራ ትስዕብ ኣላ። ብደረጃ ሃገራውያን ጋንታታትን ክለባትን ግን ኤርትራ ኣብ ሻዱሻይ ደረጃ'ያ ተቐሚጣ ዘላ።

መበል 16 ዙር ርዋንዳ ሎሚ ረቡዕ 21 ለካቲት 93 ኪሎ ሜተር ብዘሸፍን ራብዓይ መድረኽ ክቕጽል ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ጋቱሶ ካብ ስርሑ ተባሪሩ

ፈረንሳዊት ክለብ ማርሴ ንዓሰልጣኒ ኢጣልያዊ ጂናሮ ጋቱሶ ከም ዘባረረቶ መርበብ ሓበሬታ ቢቢሲ ኣፍሊጡ። እዛ ጋንታ ንቦታ እዚ ኣሰልጣኒ ብኸይዋን ልዊስ ጋሲት ከም ዝተክኣቶ ብዘውሳኽ ተረጋጊጹ ኣሎ። ናይ ቅድም ብሉጽ ተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ ዝነበረ ጋቱሶ ኣብ ወርሒ መስከረም ናይ ዝሓለፈ ዓመት'ዩ ንማርሴ ከሰልጥን ተሰማሚዑ። እታ ጋንታ ካብ ጋቱሶ ብዙሕ ትጽበ‌ት'ኳ



እንተዘብራ ኣብ ሊግ ኣ ፈረንሳ ግን ከኖ ታሽዓይ ደረጃ ክትሰጉም ኣይክኣለትን።

ጋቱሶ ኣሰልጣኒ ማርሴ ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ ሓጺር ግዜ ካብ 24 ጸወታታት ትሽዓተ ግዜ ጥራይ'ዩ ክዕወት ክኢሉ። በዚ ከኣ እየም ሰብ ስልጣን ማርሴ ለውጢ እንተኾነም ንጋሲት ናብ መሳርያም ጸንቢሮሞ ዘለው። ወዲ 70 ዓመት ኸዋን ልዊስ ጋሲት፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ ብዘመዝገቦ ድኹም ወጽኢት ቡታ ኣብ መውዳእታ ጽዋእ ዘልዓለት ኣይቮሪኮስት ካብ መዝኡ ከም ዝተባረረ ኣይርሳዕን። ፈረንሳዊት ማርሴ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ብተደጋጋሚ ኣሰልጠንቲ ክትቀይር ከም ዝጸንሐት ይፍለጥ። እታ ጋንታ ኣቐዲማ ዚ ሕጂ ኣሰልጣኒ ቪላሪያል ዘሎ ማርሰሊኖ ንሰለስተ ወርሒ ጥራይ ዕድል ብምሃብ ብጋቱሶ ከም ዝቐየረቶ ይፍለጥ። ከም ተጻዋታይ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ ኮይኑ ኣብ 2006 ዋንጫ ዓለም ዘልዓለ ጋቱሶ ኣቐዲሙ ንክለባት ኤሲ ሚላን፡ ናፖሊን ቫለንሽያን ከም ዘሰልጠነ ሰንዓት የረድኡ። ንሱ ፈለማ መዝኑ ምስልጣን ማርሴ ምስ ሓዘ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ዓወታት ብምምዝጋብ ነታ ጋንታ ኣብ ሻዱሻይ ተርታ ክትስራዕ ኣኽኢልዋ ነይሩ'ዩ። ጋቱሶ ምስ ማርሴ ኮይኑ ኣብ ዘካየዶም 15 ናይ ሊግ 'ኣ' ጸወታታት፡ ሓሙሽተ ግዜ ክዕወት ከሎ ሓሙሽተ ግዜ ተሳዒሩ ሓሙሽተ እዋን ከኣ ማዕረ ከም ዝተፈላለየ እየም ጸብጻባት ዘረድኡ። ማርሴ ዝሓለፈ ወርሒ ካብ ዋንጫ ፈረንሳ ብሬስ ከም ዝተገለፈት ዝዘከር ኮይኑ፡ ኣብ ግጥም ዩሮፓ ሊግ ግን ምስ ትሑት ብቕዓታ ድሕሪ እንግሊዛዊት ብራይተን ካልኣይ ደረጃ ብምሓዝ ካብ ምድባ ከም ዝሓለፈት ይፍለጥ። እዛ ጋንታ ጽባሕ ሓሙስ ምስ ዩክሬናዊት ክለብ ሻክታር ዶኔትስክ ናይ ካልኣይ እግሪ ጸወታ ይጸበያ ኣሎ። ቀዳማይ ርክብ ናይዘን ክልተ ጋንታታት 2ብ2 ተዛዚሙ ከም ዝነበረ ይፍለጥ።

## ግሪንዉድ ኣቓልቦ ይስሕብ

ስጳኛውያን ክለባት ባርሰሎናን ኣትሌቲኮ ማድሪድን ንተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ መይሰን ግሪንወድ ንምፍራም ኣብ ውድድር ከም ዝኣተዋ ይግለጽ ኣሎ። ዩናይትድ ዚ ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ጌታፈ ልኢኻቶ ዘላ ተጻዋታያ ኣብ ክራማት ብ34 ሚልዮን ፓውንድ ክትሸጦ ምዃኖ'ዩም እሙናት ምንጭታት ኣልድ ትራፎርድ ዝሕብሩ። ወዲ 22 ዓመት መይሰን ግሪንወድ፡ ብኸሲ ዓመጽ ናይ ከዕሶ እግሪ ሂወቱ ናብ ምብቃዕ ጎዱ ከይዱ ከም ዝነበረ ኣይርሳዕን። ንሱ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ተመስሪቱ ዝነበረ ክሲ ድሕሪ ምስራዙ'ዩ ዝሓለፈ ክራማት ብመልክዕ




ልቓሕ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ናብ ጌታፈ ተሰጊሩ። ግሪንወድ ማልያ ጌታፈ ወደዩ ኣብ ዝተጻወተለን 21 ናይ ላ ሊጋ ጸወታታት፡ ሓሙሽተ ሸቶታት ከመዝግብ ከሎ ሓሙሽተ ከኣ ሸቶ ዝኾና ኩዕሶ ከም ዝሰርሐ መዝገቢቲ ናይቲ ውድድር የረድኡ። እቲ ተጻዋታይ፡ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ክሳብ 2025 ዝጸንሕ ውዕል'ዩ ዘለዎ። በዚ'ያ ከኣ ዩናይትድ ዝመጽእ ክራማት ክትሸጦ ተገዲዳ ዘላ። ግሪንወድ ናብ ጌታፈ ካብ ዝመጽአ መሳጢ ብቕዓት የርኢ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ቅድሚ ሒደት ሰሙናት ቡታ ድኸምቲ ምኳና ዝነገረላ የማኒይቲ እግሩ ፍጹም ቅሉዕ መቕጻዕቲ ከም ዘመዝገበ ኣይርሳዕን። ደገፍቲ ጌታፈ፡ ነቲ ተጻዋታይ ዓቢ ሞራል'ዩም ዝሁብዎ ዘለው። ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ሬያል ማድሪድ በሊንግሃም፡ ነቲ ተጻዋታይ "ዓማጺ" ኢሉ ከም ዝጸረፎ ማዕከናት ዜና ኪጋውሓ ጸኒሐን እየን። ጌታፈ በቲ ኩነታት ናብ ሰበስልጣን ላ ሊጋ ክሲ ከም ዘቕረበት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ምጽራይ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር። በሊንግሃም በቲ ጉዳይ ገበነኛ ኮይኑ እንተደኣ ተረኺቡ ክሳብ ካብ ጸወታ ምእጋድ ዝበጽሕ መቕጻዕቲ ክወሃቦ ከም ዝኽእል ይሕበር።

## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ብውዕዉዕ መንፈስ ይቕጽል

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ብውዕውዕ መንፈስ ይቕጽል ከም ዘሎ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓቢሩ። ኣብ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ማዶትን ጊደምን ሓያል ስፖርታዊ ምትህልላኽ ዘለዎ ጸወታ ከም ዘካየዳ እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። እዘን ጋንታታት ኣብ ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታአን ተመጣጣኒ ጸወታ ኣብ ዘንጸባርቓሉ፡ ማዶት እያ ኣብ መበል 43 ደቒቕ ካብ ሱሌማን ዑስማን ብዝረኸበታ ሸቶ ንዕረፍቲ 1ብ0 መራሒት ወጺኣ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ጋንታ ማዶት ንጸወታ ብምዕብላል ኣብ መበል 57 ደቒቕ ካብ ኣህምያ ዘወልዲ ካልኣይቲ ሸቶ ብምርካብ ንጸወታ 2ብ0 መራሒት ክትቅልሶ ጀመረት። ድሕሪ ሰለስተ ደቒቕ ናይታ ካልኣይቲ ሸቶ ማለት ኣብ መበል 60 ደቒቕ ተጻዋታይ ሱሌማን ዑስማን ንሰኡ ካልኣይቲ ንጋንታኡ ድማ ሳልሰይቲ ሸቶ ስለ ዘመዝገበ፡ ማዶት 3ብ0 መርሐት። ኣብ ዝቐጸለ ደቓይቕ ጊደም ቁሩብ ፍኒሕሕሕ ብምባል ኣብ መበል 82 ደቒቕ ካብ ቤንሆር ሃብተኣብ ካብ ስዕረት ዘናገፈታ ሸቶ ረኺባ። ጸወታ ድማ ብዓወት ማዶት 3ብ1 ተዛዚሙ። ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝቐጸለ ካልእ ጸወታታት ድማ፡ ሃዋከል ኣብ መበል 63 ደቒቕ ካብ ሄኖክ ዓንደሚካኤል ብዝረኸበታ እንኮ ሸቶ ኣብ ርእሲ ሰንዓብር 1ብ0 ብምዕዋት ኣገዳሲቲ ነጥቢ ከሲባ።

ኣብ ዝቐጸለ መዓልታት ኣብ ልዕሊ ጊደም ብምዕዋት ሰለስተ ነጥቢ ዘመዝገበት ማዶት፡ ምስ ሓራት ግጥሚ ኣካይዳ ነይራ'ያ። ኣብዚ ግጥሚ ማዶት ኣብ መበል 40 ደቒቕ ካብ ሱሌማን ዑስማን ብዝረኸበታ ሸቶ ንጸወታ 1ብ0 መራሒት እኳ እንተወጸት፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ተመሓይሻ ዝተመልሰት ጋንታ ሓራት ግን ካብ ተስፋይ ኣሰፋው፡ ኣታኽልቲ ገ/ሚካኤልን ሚሮን ተስፋሚካኤልን ኣከታቲላ ብዝረኸበተን ሰለስተ ሸቶታት፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ንማዶት 3ብ1 ረቲዓታ።

ኣብ ጸወታታት ኩዕሶ መርበብ ጎምጎም ባሕሪ ምስ እንጎኢ ድማ፡ ጊደም ንሰንዓብር 2ብ1 ክትረትዓ ከላ፡ ሂርሚል ንሓራት፡ ማዶት ንሃዋከል፡ ከምኡ'ውን ጊደም ንዳህላክ ብተመሳሳሊ 2ብ1 ስዒረንአን ኣለዋ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ዳህላክን ሃዋከልን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ሃዋከል ካብ ፊልሞን መንግስተኣብ ኣብ ቀዳማይ እብረ ማለት ኣብ መበል 35 ደቒቕ ብዘመዝገበታ እንኮ ሸቶ ተሓጊዛ ንዳህላክ 1ብ0 ብምርታዕ ሰለስተ ነጥቢ ከሲባ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ካሊፎርንያ - ብዕልቕልቕ ልዕሊ 37 ሚልዮን ነበርቲ ኣብ ሓደጋ ወዲቖም

ኣብ ካሊፎርንያ-ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ኣብታ ክፍለ-ሃገር ዝነብሩ ልዕሊ 37 ሚልዮን ሰባት፡ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታ ከምዝርከቡ ተሓቢሩ።

ኣብ'ታ ክፍለ-ሃገር ተኸሲቱ ብዘሎ ዕልቕልቕ፡ ኣስታት 11 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንዋታዊ ክሳራ ከምዘወረደ ጸብጻባት ካብ'ቲ ቦታ ሓቢሮም።



ኣብ'ታ ክፍለ-ሃገር ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ‘ሳንታ ባርባራ’ ብምዕጻው፡ እውን፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ በረራታት ከምእተሰናኸሉ ተፈሊጡ።

ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ'ቲ ብርቱዕ ዕልቕልቕ - ዓበይቲ ጽርግያታት ከተማ ሎስኣንጀለስ ብምዕጋቶም፡ ኣብ ነበርቲ ማሕበራዊ-ቁጠባዊ ምስንኻላት ፈጢሩ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ከተማ ሎስ ኣንጀለስ፡ ቁጽሮም ብንጹር ዘይተፈልጠ ነበርቲ - ካብ'ቲ ከባቢ ብቕልጡፍ ከምዝግዕዙ ከምተገብረ እዩ ተገሊጹ።

እቲ ብርቱዕ ዝናብ፡ ንዝመጽእ መዓልታት እውን ክቕጽል ከምዝኽእል ዝሓበሩ ሰብመዚ ምክትታል ኩነታት ኣየር ካሊፎርንያ፡ ህዝቢ ጥንቃቐታቱ ክሕይል መኺሮም።

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ብምዝባዕ ኩነታት ኣየር ተኸሲቱ ዘሎ ‘ኤሊኒኖ’ ዝተሰምየ ሕማቕ ኩነታት ኣየር፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዓለምና፡ ዘይንቡር ኩነታት ኣየር ብምኽታል - ከቢድ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ክወርድ ይረአ ከምዘሎ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ኣብ ከተማ ሎስኣንጀለስ ብሰንኪ'ቲ ሓደጋ፡ ልዕሊ 70 ሽሕ ኣባይቲን ናይ ንግዲ ትካላትን ብዘይ ሓይሊ ኤለክትሪክ ተረፎም ከምዘለዉ እውን ይሕበር።

## ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ብጉዳይ ራፋሕ ንእስራኤል የጠንቅቓ

ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ እስራኤል ኣብታ ፍልስጤማውያን ብዓቢኡ ዝነብሩላ ከተማ ራፋሕ መጥቃዕቲ ከይትፍጽም - መጠንቀቕታ ከምዝመሓላለፉ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

እተን ሃገራት ነዚ መጠንቀቕታ ዘመሓላለፋ ዘለዋ፡ እስራኤል ኣብ ራፋሕ ሰፊሕ ናይ ኣጋር ሰራዊት ስርሒት ከምእተካይድ ኣብ እትሕብረሉ ዘላ እዋን እዩ።

ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብ ራፋሕ ልዕሊ 1.4 ሚልዮን ስደተኛታት ፍልስጤማውያን ተዓቚቦም ከምዘለዉ ብምምልካት፡ እስራኤል ካብ ከምኡ ዝኣመሰለ መጥቃዕቲ ክትቊጠብ ጸዊዐን ኣለዋ።

እስራኤል ብወገና፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ንኹሎም ጀሆ ሒዝዎም ዘሎ ዜጋታታ - ክሳብ 10 መጋቢት ናጻ ምስዘይለቅቖም፡ ኣብ



ራፋሕ እተካይዶ ስርሒት ከምእትጀምሮ ትገልጽ።

ብሰንኪ'ቲ ካብ 7 ጥቅምቲ ኣትሒዙ ኣብ መንጎ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ተወሊዑ ዘሎ ውግእ፡ ቊልዑ ሰበይቲ ዝርከብዎም ብውሑዱ 29 ሽሕ ፍልስጤማውያን ህይወቶም ከምዝሰኣኑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እስራኤል ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ሰሜናዊ መሬት ሊባኖስ፡ ናይ ሮኬት መጥቃዕቲ ከምዝፈደት ኣፍሊጣ።

ሰብመዚ ምክልኻል እስራኤል ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ሃገሮም ኣብ ሊባኖስ ዝፈደዶ መጥቃዕቲ፡ ኑቶም ኣብቲ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር ዝርከቡ - ብኢራን ዝድገፉ ጉጅለ ሕዝቦላሕ ንምውቃዕ ከምዝነበረ ኣፍሊጦም።

ብወገን ሕዝቦላሕ፡ ዛጊት ነቲ መጥቃዕቲ ብዝምልከት ዝተባህለ ሓበሬታ የለን።

## ኣብ ምብራቓዊ ደ.ሪ.ኮንጎ ሕጽረት መግቢ ተኸሲቱ

ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎን፡ ብ‘ኤም 23’ ዝፍለጡ ዕጡቓትን ተኸሲቱ ዘሎ ግጭት፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል'ታ ሃገር ሕጽረት መግቢ ከምእተኸስተ ተሓቢሩ።

እዚ ብጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ዝሰዓበ ሕጽረት ቀረብ መግቢ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝነብሩ ኣስታት 2 ሚልዮን ህዝቢ ብኣሉታ ጸልዩዎም ከምዘሎ ይግለጽ ኣሎ።

ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣትሒዙ ብዘቕጽል ዘሎ ዕጥቃዊ ግጭት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ዝተፈላለያ ከተማታትን ዓድታትን ካብ ቤት-ንብረቶም ተመዛቢሎም ከምዘለዉ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ - ሃገረ ርዋንዳ ኑቶም ከቢድ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ኣስዒቦም ዘለዉ ‘ኤም 23’፡ ዝኢፍ ደገፍ ትገብረሎም ምኽና እዩ ዝኸስስ።

እንተኾነ ርዋንዳ ነቲ ክሲ ብምንጻግ፡ ንጉጅለ ‘ኤም 23’ ዝወሃብ ዝኾነ ይኹን ደገፍ ከምዘይብላ ትሕብር።

እቲ ግጭት ብከምዚ ዘለዎ እንተደኣ ቀጺሉን፡ ናብ ምብራቓዊ ክፋል እታ ሃገር ዝግበር ሰደድ መግቢ ብቕልጡፍ ምስዘይጀምርን፡ ኣብ ቀረባ ግዜ መጉብሮ እቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከቡ ዜጋታት ኣብ ዝኸፍአ ሓደጋ ከምዝወድቕ፡ ብርቱዕ ደርቂ እውን ክኸሰት ከምዝኽእል፡ ዝተፈላለዩ ወገናት የጠንቅቑ።

ብሰንኪ'ቲ ዓሰርተታት ዓመታት ኣቚጺሩ ዘሎ ግጭት ዕጡቓት ጉጅለታት ‘ኤም 23’ን መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ኣብታ ሃገር ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝዛመቱን፡ ልዕሊ 7 ሚልዮን ካብ ቤት-ንብረቶም ከምእተመዛበሉን ይንገር።

ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ሸበራዊ ምንቅስቓስ ንምግታእ ብዙሉ - ክግበር ዝጸንሐ ግዱማዊ ምትእትታው፡ ዛጊት ዝጥቀስ ኣበርክቶ ከምዘየርኣየ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



## ኣብ ናይጀርያ፡ ሸቐለተ-ኣልቦነት ብ5 ሚእታዊት ወሲኹ

ኣብ ናይጀርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዓመት፡ ሸቐለተ-ኣልቦነት - ብ5 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ካብ'ታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

እቲ ስእነት ስራሕ - ኣብ'ዛ ልዕሊ 200 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሃገር፡ ኣብ 2022 ብ4.1 ሚእታዊት ዕብየት ኣርእዩ ከምዝነበረ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ብመሰረት እዚ ዝጥቀስ ዘሎ ኣሃዛት እምበኣር፡ ኣብ ዓመተ-2023 ኣብ ሸቐለት ኣልቦነት - ልዑል ወሰኽ ከምእተመዝገበ እዩ ሃገራዊ ስታትስቲካዊ ጸብጻብ ናይጀርያ ዘመልከተ።

ብዙሓ ህዝቢ ኣብ ናይጀርያ፡ ንሸቐለተ-ኣልቦነት ከም ሓደ ዓቢ ጸገም ኮይኑ ምህላዉ እዩ ዝሕብር።

ኣብ'ዛ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ሸቐለት ኣልቦነት፡ ኣብ ምቕራሕ ባህርያዊ ሃብቲ ዘሎ ዘይምዕሩይነት - ከም ኣውራ ጠንቂ ከም ዝቐጽር እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ።



## ኣፍጋኒስታን - ብሓደጋ ምህማም መሬት 25 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኣፍጋኒስታን፡ ብዝገጠመ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ብውሑዱ 25 ሰባት ከም ዝሞቱ ካብ'ታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ቡቲ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል እታ ሃገር ዝተኸስተ ሓደጋ፡ ካልኦት 8 ሰባት እውን ብኸቢድ ቈሲሎም ብምህላዎም ቀጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል ስግኣት ኣሎ።

ኣብ ፍርስራስ ህንጻታት ዝተቐብሩ ካልኦት ከይህልዉ እውን፡ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ናይ ምድላይ ስርሒት ጀሚሮም ከምዘለዉ ተፈሊጡ።

ኣብ'ቲ ከባቢ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ወርጪ፡ ኑቶም ብሄሊኮፕተር ተሰንዮም ዝንቀሳቐሱ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት፡ ቅልጡፍ ረድኤት ንከይህቡ ከምዝዓንቀፎም ተገሊጹ።

ብሰንኪ'ቲ ምህማም መሬት፡ ብዙሕ መንበሪ ኣባይቲ ብምፍራሱ፡ ብዙሕ ሰብ ብዘይ መጽለሊ ተሪፉ ከምዘሎ እውን ጸብጻባት ሓቢሮም።

ኣብ በረኻቲ ከባቢታት ሰሜናዊ ክፋል ኣፍጋኒስታን፡ ቀጻሊ ሓደጋታት መንደራጋሕን ምህማም መሬትን ከምዝኽሰት ምንጪታት ካብ'ቲ ከባቢ የረድኡ።

ኣብ'ቲ ከባቢ ኣብ 2017 ብዝገጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋ፡ ልዕሊ 50 ሰባት ከምዝሞቱ - ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሂወት | 21/02/2024 | ጎደና ብድሆ፡ ከባቢ ሸዱ (ጥቓ ኢንሹራንስ ክበር) | 123355 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |